# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.265 | ዓርቢ 5 ሓምለ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሀልው ኩነታት ኤች.ኣይ.ቪ.-ኣይድስ



ገጽ 3

ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)

ገጽ 4
ንደሓር ዝበለ ነብሲ


ገጽ 5
ንሕናን ጋዜጣታትን



ገጽ 7
ቢንያም፡ ማልያኡ ዓቂቡ




## ተሳትፎ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምፍታሕ ክርክራት ንምድንፋዕ ዝዘተየ ኣኼባ ተቓኒዑ





ስእሊ - ኣብራሃም በየነ

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ስርዓተ-ፍትሒ ኤርትራ - ሕብረተሰብ ዘማእከለ፡ ባህልን ክብርታትን ዝሰረቱ፡ ከምኡ'ውን ንዕርቅን ርግኣትን ዘቐድም ናይ ምምሕዳር መደብ፡ ሓፈሻዊ መምርሒ ስራሕ ንምድላው ትማሊ 4 ሓምለ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ዝተወደበ ኣኼባ ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

ሚኒስተር ፈውዝያ ሃሸም፡ ካብ 83 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተረቑሑ 415 ሽማግለታት ዕርቂ ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ምቛም ሽማግልና ዕርቂ ኣብ ምድንፋዕ ንጡፍ ተሳትፎ ሕብረተሰብን ምውሓስ ቀጻልነት ክብርታትን ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ብምምልካት፡ ንክብርታትና ዘይወክሉ ተርእዮታት ምግታእን ብበቕዓት ምቅላስን ናይ መላእ ሕብረተሰብ ስራሕ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ብደረጃ ሃገር ዝፀደቐ ሽማግልና ዕርቂ ስሩዕን ትካላውን ንምግባሩ ዘኽእል ሓፈሻዊ መምርሒ ከምዝድለ ዘገንዘበት ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ትሕዝቶ ናይ'ዚ መሰርሕ፡ ካብ'ቶም ኣብ መላእ ሃገር ዝተረቑሑ ሽማግለታት ዝቐለ ክኸውን ስለዝኾነ፡ ተሳተፍቲ ብንጥፈት ክዋስኡ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ መስርሕ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ናብ ግብራዊ ስራሕ ዝሰጋገር ክኸውን በዓል ምሉእ ተስፋ ምዃኑ ገሊጹ።

"ኣብ ሃገርና፡ ዕርቂ ሽማግልና ባህሊ'ዩ ምበር ኣማራጺ ኣይኮነን" ዝበሉ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ፍትሒ ሓላፊ ርሑውነት ኣገልግሎታት ፍትሒ መንእሰይ ስበሪ ኢብራሂም፡ እቲ መደብ ዕላማኡ - ክብርታት ሕብረተሰብ ምርኩስ ብምግባር ዘይምስማዕ ንምውጋድ፡ ኣብ ሰብኣዊ ክብረት ዝተሰረተን ህዝቢ ዘማእከለን ኣድማዒ ሽማግልና ዕርቂ ንምኽያድ፡ ብደረጃ ሃገር ከስርሕ ዝኽእል ስርዓተ-ፍትሒ ንምኽታል፡ ስድራቤታዊ ጉዳያት ብዕርቂ ዝፍትሓሉ ኣገባብ ንምትእትታው ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ብደረጃ ሃገር፡ 3,775 ሽማግለታት ዕርቂ ተረቚሖም ከምዘለዉ ተፈሊጡ።

## ኣብ ምም/ከባቢ ሊባን ዲጋ ትስራሕ ኣላ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሊባን - ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ብዘበገሶ ህዝቢን ምትሕብባር መንግስትን 198,000 ሜትሮ ኩብ እትሕዝ ንሰብን ጥሪትን እተገልግል ሓዳስ ዲጋ ትስራሕ ኣላ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተስፋይ ከሱተ፡ ኑቲ ስራሕ ብኣድማዕነት ንምትግባር፡ ህዝቢ ብጉጅለታት ተወዲቡን ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ክፍሊ ስራሕቲ 17 ተወሃሂዱን ኣብ ሓያል ስራሕ ከምዝርከብ ገሊጹ።

እታ ዲጋ 13.5 ሜትሮ ጉድኒን 17 ሜትሮ ቁመትን ከምዘለዋ ዝሓበረ፡ ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኣባል ሚኒስትሪ ሕርሻ ኢንጂነር ተመስገን ጉይትኦም፡ ደሮ ካብ መስርሕ ህንጻታ 32 ሚእታዊት ከምእተዛዘመ ኣረዲኡ።

እቲ ስራሕ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ዝተዓዘበ - ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ፡ ህዝቢ ንዘወሰዶ ተበግሶን ስራዊት ንዘበርክቶ ዘሎ ኣበርክቶን ንኢዱ።

## ቱር ዲ ፍራንስ - ቢንያም ግርማይ ትማሊ እውን ካልኣይ ብምውጻእ ተወሳኺ ታሪኽ ሰሪሑ ኣሎ።

ንምሉእ ትሕዝቶ ኣብ ገጽ 7 ርአ።

## ኣብ ዳላስን ሃምቡርግን ሰሚናራት ተኻይዱ

ኣብ ዳላስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሃምቡርግ - ጀርመንን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ገብረሂወት ብ30 ሰነ ኣብ ከተማ ዳላስ - ቴክሳስ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዝሃበሮ ንህልው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ዝምልከት ሰሚናር፡ ሞያዊ ዓቕሚታቶምን ቀጠባዊ ትሕዝቶኦምን ኣይልዩሎም ተወዳደርቲ ክኾኑ፡ ኣብ ህንጻት ሃገር ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ድማ ብሓያል ውዳብ ንጥፈታቶም ከበርኹ ኣዘኻኺሩ።

ብረዚን መሰዋእቲ ዝተረጋገጸ ናጽነትን ልኡላውነትን ምዕቃብን ሃገር ምህናጽን ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ብምዃኑ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣብ መድረኻዊ ዕማማት ተሳትፎኦም ክዕዚዙ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ብኻልእ ወገኑ ብ29 ሰነ ኣብ ከተማ ሃምቡርግ - ጀርመኑ ኣብ ዝኻየደ ልምዓታዊ መደባት፡ ምሕያል ሃገራዊ መኸተን ስጥመት መሰርዕን ዘተኩረ ሰሚናር ተኻዪዱ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተ፡ ኣብ'ዚ ዓለም ብውግእን ወራውራእን ትናወጸሉ ዘላ እዋን ኤርትራ - ልኡላውነታ፡ ናጻ መስመራን ስላታን ዓቒባ ክትክይድ ምኽኣላ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ንልዕሊ 80 ዓመታት ኣንጻር ዓብለልትን ገበትትን ዘየደቶ ቃልስን ዘኽሰኽሰቶ ክብራታትን ከምዝኾነ ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ሰሚናር፡ ካብ ሃምቡርግ፡ ከል፡ ለብክ፡ ፍለንስቡርግ፡ ብረመን፡ ኒደርሳክሰን፡ ሃኖቨርን ካልኦት ከተማታትን ዝተወከሉ ዜጋታት ተሳቲፎም።






# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ህልው ኩነታት ኤች. ኣይ. ቪ. - ኣይድስ

'ኤች. ኣይ. ቪ.' (Human immuno-deficiency virus - HIV) ሕማም 'ኣይደስ' ዘስዕብ ቫይረስ እዩ። ብሕማም 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ፡ ኣብቲ ፋልማይ ደረጃኡ ዝኾነ ምልክት ኣየርእን። ግዳይ ናይ'ዚ ሕማም፡ ብእጋኡ ግቡእ ክንክንን መድሃኒትን ምስ ዘይወስድ፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላቱ ስለ ዝዳኸም ናብ ሕማም 'ኣይደስ' ይምዕበል። ኣብዚ ደረጃ እዚ ዝጸሓ ግዳይ - ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም ኣብ ኣካላቱ ክርኣዩ ይጅምር።

ኤች. ኣይ. ቪ. - ኣይድስ ኣብ መጀመርታ 1980'ታት ካብ ዝርአ ጀሚሩ፡ ኣብ ዓለምና ኣስታት 85.6 ሚልዮን ሰባት ተለኺፎም ኣለው። ካብዚኦም እዮም ኣስታት 46.6 ሚልዮን፡ ቡቲ ሕማም ህይወቶም ስኢኖም።

ኣብ መወዳእታ 2022 -

* ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝነብሩ ሰባት ብጠቕላላ 39.1 ሚልዮን ነይሮም።

* ካብዚኦም እዮም 29.8 ሚልዮን፡ ጸረ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' መድሃኒት ክረኽቡ ክኢሎም።

* ኣብቲ ዓመት'ቲ ዝተራእየ መልከፍቲ 1.3 ሚልዮን ነይሩ። ብሰንኪ'ቲ ሕማም ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ 630 ሽሕ ነይሩ።

ዝበዝሐ መልከፍቲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኤይደስ ዘለወን ሓሙሽተ ሃገራት

1. ኢስዋቲኒ፡ 25.9 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
2. ለሶቶ፡ 19.7 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
3. ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ 18.8 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
4. ቦትስዋና፡ 16.75 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
5. ሞዛምቢክ፡ 11.9 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ይነብሩ።

ህላወ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ኣብ ሃገርናን ኣብ ከባቢና ኣብ ዝርከባ ሃገራትን

1. ጅቡቲ፡ 1.5 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
2 ኢትዮጵያ፡ 1.1 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
3. ኤርትራ፡ 0.6 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡




4. ሶማልያ፡ 0.4 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ፡
5. ሱዳን፡ 0.2 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቡ ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ይነብሩ።

ህልው ኩነታት 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ኣብ ሃገርና

* ኣብ 1988፡ ናይ መጀመርታ ሕሙማት ኣይደስ ኣብ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ተራእዮም።

* ኣብ መወዳእታ 2023፡ እኩብ ወሃሊል ቁጽሪ ሕሙማት ኣይደስ 40,904 ነይሩ።

* 3 ሚእታዊት ቁጽሪ ሕሙማት 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ፡ ትሕቲ 15 ዓመት ህጻናት እዮም።

* ኣብ መወዳእታ 2023፡ ጸረ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ መድሃኒት ዝወስዱ ሕሙማት 8909 በጺሖም።

* ኣብ መወዳእታ 2023፡ እኩብ ቁጽሪ ብኣይደስ ዝሞቱ ግዳያት 4403 በጺሖም።

ኣብ ኤርትራ ለቡዳ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ፡ ካብ ሓፈሻዊ ለቡዳ ኣብ ዝተወሰኑ ኣካላት ሕብረተሰብ ብዕዕቂ ከም ዝተራእየ እቲ መጽናዕቲ የመልክት። እዮም ኑቲ ለቡዳ ክላዕ ቀንዲ ሕመረት ዝኾኑ ክፋል ሕብረተሰብ - ፋይቶትን መራሕቲ ዓበይቲ መካይንን እዮም።

ኣብ 2022/23 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረዎ፡ መጠን ዝርጋሐ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ኣብ ፋይቶት - 12 ሚእታዊት፡ ኣብ መራሕቲ ዓበይቲ መካይን ድማ - 3 ሚእታዊት ነይሩ።

ቀንዲ መተሓላለፊ መገዲ ኤች ኣይ ቪ. ኣይደስ ኣብ ሃገርና

ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ - ከምኡ'ውን ካብ ኣደ ናብ ዕሸል እዩ።

**ቀንዲ ሜላታት ንምክልኻል 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ፦**

= ግቡእ መርመራ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ምግባር፣ ምውጋድ ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ኣደ ናብ ዕሸል፣ ኮንዶም ምጥቃም ክኾኑ እንከለዉ፡ ኩነታትካ ቀልጢፍካ ምስ ኣለለኻ፡ ተሰካሚ ናይቲ ቫይረስ ምስ እትኸውን - ቀጥታ ተጠቃሚ መድሃኒት ምዃን። ባህርያዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ብፍላይ ብጸለውቲ ኣካላት ሕብረተሰብ ዝፍጸድ ጎስጓስ፡ ብዛዕባ'ቲ ሕማም ኣፍልጦኻ ከተዕቢ ስለ ዝሕብር፡ ቀንዲ መከላከሊ ሜላ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

**ቁጽሪ 'ሲዲ4' ዋህዮ**

'ሲዲ4' (CD4) ጻዕዳ ዋህዮታት ናይ ደም ኮይኖም፡ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላትና ልዑል ተራ ይጻወቱ። እዞም ዋህዮታት'ዚኦም እንሓንሳእ ቲ-ሰልስ' (T-cells) ቲ ላይምፎሳይትስ (T-lymphocytes) ወይ'ውን ሓገዝቲ ዋህዮታት ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም። ቁጽሪ ወይ ዓቐን ዋህዮታት 'ሲዲ4'፡ ኣብ ሓደ ኩቦ ሚሊ-ሜትር ደም ብዘሎ ብዝሒ ጻዕዳ ዋህዮታት እዩ ዝልካዕ። እዚ፡ እቲ ኣገዳሲ ዝተሓተ ናይ ደም ቅምሶ እዩ። በዚ መንጸር ድማ፡ ኣብ መላእ ኣካላትና ዘሎ ዓቐን ወይ ቁጽሪ ዋህዮታት 'ሲዲ4' ክግመት ይከኣል። ዝለዓለ ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምህላው፡ ዝሓየለ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የመልክት።

* ብሕማም 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዘይተለኽፈ ሰብ፡ ካብ 500 ክሳብ 1500 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ይህልዎ።

* ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዝነብሩ ሰባት ልዕሊ 500 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምስ ዝህልዎም ኣብ ደሓን ደረጃ ጥዕና ይህልዉ።

* ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' እናነብሩ ትሕቲ 200 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምስ ዝህልዎም፡ ብዝተፈላለዩ ከበድቲ ሕማማት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ብግቡእ ጸረ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣይደስ ዝወስዱ ግዳያት፡ ቁጽሪ ዋህዮታ 'ሲዲ 4' ከዕብየዎ ስለ ዝኽእሉ፡ ብግቡእ ህይወቶም ኣብ ምምራሕ ኣይሽገሩን እዮም።

**ጸረ ኤች. ኣይ. ቪ. መድሃኒት መዓስ ይጅመር?**

= ኣብ 2005 ዝበረ - ቁጽሪ 'ሲዲ 4' ትሕቲ 200 ዋህዮ ኣብ ሚሊ. ሜትር፡

= ኣብ 2010 ዝበረ - ቁጽሪ 'ሲዲ 4' ትሕቲ 350 ዋህዮ ኣብ ሚሊ. ሜትር፡

= ኣብ 2014 ዝበረ - ቁጽሪ 'ሲዲ 4' ትሕቲ 500 ዋህዮ ኣብ ሚሊ. ሜትር፡

= ካብ 2016 ንደሓር - ንኹሎም ግዳያት እቲ ሕማም ቀጥታዊ ፍወሳ ከም ዝጅምሩ ተገይሩ።

ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ኣደ ናብ ዕሸል -Mother-to-child Transmission of HIV

'ህጻናት 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝልከፉ፡ ኣብ ማህጸን/ኣብ ጥንሲ - ብመንገዲ መዓሕንቲ፣ ኣብ ግዜ ጻዕርን ሕርስትን - ብደም ወይ ካዕታት ወይ ጸረርታ፣ ኣብ ግዜ ምጥባው - ብመንገዲ ጸባ ጡባ ኣደ።

እዚኦም፡ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ካብ ዝተለኽፈት ኣደ ናብ ዕሸል ክሓልፍሉ ዝኽእሉ መንገድታት እዮም።

'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ኣደ ናብ ህጻን ክሓልፍ ዝለዎ ተኽእሎ ዘጋድዱ ረቋሒታት

=> እቲ መልከፍቲ ናይ ቀረባ እዋን ምስ ዝኸውን (recent infection with HIV)፦ እታ ኣደ ፍሱጽር ኣብ እትህልወሉ ወይ መጥበዊት ኣብ እትኾነሉ እዋን ብ'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ምስ እትልከፍ፡ ኣብ ደማ ልዑል መጠን እቲ ቫይረስ ስለ ዝህሉ፡ እቲ ዝጠቡ ህጻን ቡቲ ቫይረስ ክልከፍ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ኣብ ንጡፍ ጾታዊ ርክብ ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዘይውሑስ ኣገባብ ዝካየድዎ ርክብ፡ ንመልከፍቲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ከም ዘቃልዖም ክፈልጡ ይግባእ። እቲ ኩነታት፡ ካብኡ'ውን ሓሊፉ ንስድራ-ቤቶምን ደቆምን ስለ ዝጸሉ - ዘውርዶ ሞራላዊ ዕንወት ከቢድ እዩ። ስለ'ዚ፡ ካብ መልከፍቲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ንምድሓን ኮንዶም ምጥቃም ዝበለጸ እዩ።

=> ክብደት ረኽሲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' (Severity of HIV infection)፦ እታ ኣደ ብሕማም 'ኣይደስ' ከምኡ'ውን ምስኡ ብዝተኣሳሰሩ ሕማማት ድሮ ብጽኑዕ ሓሚማ ምስ እትህሉ፡ ኣብ ሰብነታ ልዑል ቫይረስ ስለ ዘሎ፡ ንውላዳ ብቐሊሉ እቲ ሕማም ከተመሓላልፈሉ ትኽእል።

=> ግቡእ ቅጥዕታት ሰነ-መወልድን ዘይምኽታል (Obstetric procedures)፦ ፍሱጽር ዕሸል ክትግላገልን ክትጸዓርን እንከላ፡ ኣብ ቀርበት እታ ኣደ ወይ እቲ ዕሸል ከምኡ'ውን ኣብ ልፉጫዊ መማብርና (mucous membranes) ዝጋጥም ምጭንዳሕ ወይ ካልእ ጠንቂ መድመይቲ ምሉእ ብምሉእ ክውገድ ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ብዘይካ'ቶም ብሕክምና ዝተፈቕዱ፡ ካልኦት ዘድልዩ መሳርሒታት ካብ ምጥቃም ምቑጣብ የድሊ። ኣብ'ዚ፡ እቶም ዘሕርሱ ክኢላታት ግቡእ ጥንቃቐን ቀላሕታን ክገብሩ ኣለዎም።

እዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ - ንተኽእሎታት ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ንምጉዳል፡ እታ ኣደ ክትወስዶም ዘለዋ ስጉምትታት እዮም፦

• ኣብ ግዜ ጥንሲ ይኹን ግዜ ምጥባው፡ ኮንዶም ብምጥቃም ውሑስ ዝኾነ ስጋዊ ርክብ ምፍጻም።

• ቀድምን ድሕሪን ሕርሲ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ሕክምናዊ ክንክን ምውሳድ።

• መርመራ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ምግባር። እዚ እንተላይ ነተን ዘሕርሳን ህጻናት ዝከታተላን ክኢላታት ዝምልከት እዩ።

• ኣብ ትካላት ጥዕና ቀጻሊ እኹል ቀረብ መድሃኒት ጸረ ኤች ኣይቪ. ኤይደስ ምህላው። ግዳያት 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ነቲ መድሃኒት ክስዕብዎን ክወስድዎን ምትብባዕ።

• ንህዝቢ ኣብ ምክትታል 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዘተኮረ ግቡእ ዝኾነ መልእኽቲ ጥዕና ምትሕልላፍ።

**ንተኽእሎታት ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዘጉድሉ ኣማራጺታት፦**

ንኣዴታት 'ኣንቲረትሮቫል ተራፒ' ምሃብ (Antiretroviral therapy given to the mother)፦ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዘለዋ ኣደ፡ ኣብ ግዜ ጥንስን ምጥባውን ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀጻሊ መድሃኒት 'ኣንቲረትሮቫል' (ART) ምስ እትወስድ፡ ተኽእሎ ምትሕልላፍ እቲ ቫይረስ ዝተሓተ ይኸውን።

መድሃኒት 'ኣንቲረትሮቫል ፕሮፊላክሰስ' (ARV prophylaxis given to the baby) ነቲ ህጻን ምሃብ - እቲ ህጻን ምስ ተወልደ ኣብ ዘሎ ካብ 4 ክሳብ 6 ሰሙናት፡ ቀጻሊ መድሃኒት 'ኣንቲረትሮቫል ፕሮፊላክሰስ' ከም ዝወስድ ምግባር፡ ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ኣብ ምግታእ ልዑል ግደ ኣለዎ።

ካብ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ናጻ ኾንካ ምንባር - HIV-free survival - ካብ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ናጻ ኾንካ ምንባር ዝበሃል ዕላማ፡ ብ'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ዝተለኽፈት ኣደ ተወሊዶም ንዝዓብዩ ህጻናት ዝምልከት ኮይኑ፡ እዮም ህጻናት ካብቲ መልከፍቲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.'ን ካብ ካልኦት ሕማማትን ናጻ ኮይኖም ህይወቶም ዝመርሑሉ ኩነታት ዘጸር ኣገባብ እዩ።

እዚ ዕውት ክኸውን እንተኾይኑ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ግቡእ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣብ ግዚኡ ክትግበር ይግባእ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ማሕደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)

**- ብመጀመርታ ዚ ቃሉ መሕትት ፍቓደኛ ብምዃንካ ብስም ኣንበብቲ ኣመስግነካ። ዕላልና ንምጅማር፣ ብቐዳምነት ሳልሕ መን እዩ?**

ሳልሕ ዓሊ እብሄል፣ ሳጓይ ከኣ "ብርዚ" ይብሉኒ። ካብ ኣቦይ ዓሊን ካብ ኣደይ ሰዒዳ ዑስማንን ኣብ 1960 ኣብ ጊንዳዕ



ተወሊደ ዓበዩ። ኣቦይ ሓንሳብ ፍሑም የፍሕም፡ ሓንሳብ ድማ ኣብ ሕርሻ እናተዋፈረ የነብረና ነይሩ፣ ጅብሃ ኑዩም ኣፍሓምቲ ክትዛደናም ምስ ጀመረት ግን፡ ጠቕለሉ ምፍሓም ዕንጨይቲ ኣቋሪጹ ናብ ሕርሻ ደማስ ተዋፊሩ። ኣነ ኸኣ፡ ኣብ ቀንልዕነተይ ትምህርቲ ቀርኣን ይማሃር ነይረ። ኣብ ናይ ሃይለስላሰ'ውን ብምሸታዊ ትምህርቲ ጀሚረ ነይረ፣ ግን ቀልጢፈ ኣቋሪጸየ። ኣብ ከባቢና ናይ ክልቲኦን ውድባት ምንቅስቓስ እናበርትዐ ይኸይድ ስለ ዝነበረ'ሞ ቦኽሪ ሓወይ ድማ - ኣብ 1969 ምስ መዛናታቱ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ተሰሊፉ ስለ ዝነበረ ኣተሓሳስባይ ናብ ምግዳል ኣድሂቡ።

**- "ሓወይ ሓሊፉ ኣሎ'ሞ ክርክቦ ኣሎኒ ዝብል ኣተሓሳስባ ጥራይ ድዩ - ዋላስ ክንጽሉ ዝሓለፈ ኻቕሓት ነይሩካ?**

በቲ ጸላኢ ዝፍጸሞ ዝነበረ ግፍዕታት ኣብ ህዝቢ ራዕዲ ክፈጥር'ውን ንዕዙብ ነይርና ኢና። ሰራዊት ሃይለስላሰ ሃንደበት ኣብ ገዛውትና ኣትዩም ተፍትሽ ይገብሩ ነይሮም። እዋን እቶ-እቶ ኣዊጆም ሰብ ብቶትሩ ኣብ ገዛኡ ክዓጉን ጀሚሩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ዓሊ ንዝተባህለ ሰበኣይ ሓትኖይ ኣብ ያንገስ በረኻ ናይ ጊንዳዕ - ከበቲ እናጓሰየ ወተሃደራት ሃይለስላሰ ብሕማቕ ቀቲሎምዎ። ኣብ ነጻ ጠቕለሎም፡ ብድሕሪት ክሳዱ ሓሪዶም ደርብዮም ነተን ከበቲ ብምሉኣን ዘሚቶመን። ቀልዓ ኹይነ ኣብቲ ሹቕ ከለኹ ኣብ ገዛኹም ይብከ ኣሎ ኢሎምኒ ንገዛ እንተኸድኩ፣ ኣብ ገዛና ሓዘን ጸኒሑኒ። በዚ ምኽንያት ዝዓበየን ዘኣሰን እቲ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ጥርዚ ዝበጽሐ ጽልኢ ነይሩ። ገለ ገባር'ውን ካብ ኤርትራ ወጺኦም ናብዚ ከረኸበን ዝበሃል ቦታ ሱዳን ክስደዱ ጀሚሮም ነይሮም።

ኣነ ኸኣ በዚ ተደፋፊአ፡ መጀመርታ ምስ መዛናታተይ ኣብ ሓምለ 1973 ክጋደል ወሲነ፡ ምስ ብጾተይ ኣብ መትከል ኣብየት ናብ ዝነበሩ ህዝባዊ ሓይልታት ወረድና ኑዩም ተጋደልቲ ክንጋደል ከም ዝመጻእና ገለጽናሎም፣ ግን ኑዩም ዓበይቲ መኻይደይ ወሲዶም፡ ንዓይ ግን፡ "ንስኻ ንእሹይ ኢኻ ዘለኻ፡ ከንታል በሊዕካ ተመለሰና፣ ሽዑ ክንቕበለካ ኢና" ምስ በሉኒ ኣነ ዕንጨይቲ ኣርየ ተሰኪመ ንገዛይ ተመሊሰ። ንዓሊ እብርሃም (ዓሊ ማንጁስ)'ን ሓጅ ሙዳን ግን ተቐቢሎሞም። ሓጂ ንተጋዳላይ ዑስማን ሙዴ ወዲ ሓብተ እዩ። እቲ ዓሊ እብርሃም ንበሎ ዘለና፡ ምስ እንዳ 44 ክሳብ መሪሒ ባጦሎኒ በጺሑ ኣብ ከባቢ ደምባቤት ዝተሰውአ ተጋዳላይ እዩ።

**- ስለምንታይ ድኣ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ክትሰለፍ መሪጽካ . . ሓውኻ ምስ ጀብሃዶ ኣይኮነን ነይሩ?**

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሽዑ ወሪኣ ኣይጸበቐን፣ ብፍላይ ድማ ንሰድራቤትና ጸቡቕ ኣይሬደየትናን፤ ኣቦይ ኣብ ከባቢ ማይ-ጸለም ታሕታይ ሽነኽ ናይ ጊንዳዕ ፍሓም የፍሕም ነይሩ። ሰበኣይ ጓል-ሓትነይን ካልኣዩን ከኣ በዚ ሓጺር ዲጋ ጊንዳዕ ዝነበረ እናፍሓሙ ኸለዉ ተጋደልቲ ጀብሃ መጺኦም ንመሓመድ ሰበኣይ ጓል ሓትኖይ ሐዞም፡ ሓንቲ እዝኑ ቀሪጾሞ። እቲ ሓደ ግን ሃዲሙ ኸይዱ። ንሰበኣይ ጓል-ሓትኖይ ግን ነታ እዝኑ ቀሪጾም "ኣብ እምባትካ ከይድካ ኣልግቦ" ኢሎም ነታ ቀራጽ እዝኑ ኣብ ኢዱ ኣትሐዞሞ። ሽዑ ኣብ እምባትካ ሓደ ሓኪም ጥልያን ነይሩ። መሓመድ ከኣ ቀራጽ እዝኑ ሒዙ ብምኻድ ነቲ ሓኪም "ኣልግበለይ" ኢሉዎ። ንሱ ብወገኑ ሓዘን እናተሰመዖ፡ "ዋላ ሓንቲ ክንገብረካ ኣይንኽእልን ኢና፣ እዝንኻ ኣይትኹሃብን'ያ" ኢሉ፣ ነቲ ረኽሲ ንምዕጋት ጥራይ ሓኪሙ ኣፋንዩዎ። ሰበኣይ ጓል-ሓትነይ ሽዑ ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ናብ ሰደት ምስ ከደ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሰምሰም ሱዳን ኣሎ። ባህሊ ከሮኢ ካብ ሜዳ ናብ ሱዳን ኣብ ዝኣቶናሉ ግዜ ኣብኡ ረኺበዮ ነይረ። ነቲ ዝሓለፈ ግናይ ፍጻመ ድማ ሓቢርና ኣዕሊልናሉ። ኣቦይ ከኣ ከምዚ ምስ ኣጋጠሞ ምፍሓም ኣቋሪጹ ኣብ ደማስ ክሓርስ ጀሚሩ።

እዚ ቀቀለሉ እዩ። ናብ ጀብሃ ከይንስለፍ ዝቖሰበና ቀንዲ ምኽንያት፡ ቦኽሪ ገዛና ሓወይን ብጾቱን ኹ ምግዳል ከይጀመሩ ብሓደስቶም ተቐቢላ ኣብ 1969 ረሺናቶም እያ። እቶም ዝተረሸኑ መንእሰያት፡ ናብታ ውድብ ክሰለፉ ኸለዉ፡ ኣብ ምምሕዳር ጊንዳዕ ተኣኪቡ ንዝነበረ ፖሊስ ገዛብ ንተጋድሎ ሓርነት ይጠቕማ ይኸውን'ዩ ብምባል፡ ወሲዶም ንተጋደልቲ ኣረኪቦሞም። እቲ ዲኣ ወይ ኣማሓዳሪ ናይ ጊንዳዕ ዝነበረ ሰብ ድማ፡ ናብ ተሓኤ ደብዳቤ ጽሒፉ፡ እቶም መንእሰያት ንጀብሃ ተንኮል ሓሲቦምላ ከም ዘለዉ፡ ብኢጋኡ ስለምቲ ክወስዱሎም ሓቢሩ። እቲ ምስ ስርዓት ሃይለስላሰ ዘገልግል ዝነበረ ሰበኣይ፡ ንተጋደልቲ ተሓኤ ብኸመይ ኣእሚኑዎም ኣይፍለጥን'ዩ። እቶም ተጋደልቲ ጀብሃ ድማ ነዚ መልእኽቲ ኣማሓዳሪ ከተማ ናይ ስርዓት ሃይለስላሰ ዝሓዘት ወረቐት ኣሚኖም ረሺኖም ኣብ ሓደ ጋህሲ ቀቢሮሞም። እዚ ተግባር'ዚ ዝተቓወሙዎ ተጋደልቲ ነይሮም። ግን ምስ ኩነ ዝገበር ነገር ኣይነበረን። ሽዑ ንሽዑ ድማ ወረ'ኦም ናብ ህዝቢ በጺሑ፣ ኣብ ገዛና ሓዚንና። ስለ'ዚ እዚ እናሰምዕና ክንጋደል ኢልና ናብ ተሓኤ ዘኸይድ ኣይነበረናን።

**- ህዝባዊ ሓይልታት ከንታል በሊዕካ ተመለስ ኢሎም ምስ ኣፋነዉኻ ድሕሪኡ መዓስ ተመለስኩዎም?**

ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ጥሪ 1974 ምስ ዑስማን ዑመር ኣፈንድን ናስር ኣሕመድን ቀጺራ ጌርና ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ቦታ መትከል ኣብየት ወሪድና። ኣብ መትከል ኣብየት ኣቦላት ሃንደሳ በዓል ሳንገር ተቐቢሎምና። ቀቅድመና ኣብኡ ካብ ዝጸንሑና ሓደስቲ ተሰለፍቲ ሓደ ወዲ-ዕምረ (እዚ ናይ ዕቑር ሰራዊት)፡ ማሕሙድ ዋይራይ ዝርከቦም ነይሮም። ቦታ ቐዳመይቲ እግሪ ንዓይ ስለ ዘለለዩ፡ "ንስኻ ምሽ ከንታል በሊዕካ ተመለስ ኢልናካ? ስለምንታይ ሕጂ መጺእካ?" ኢሎምኒ። ኣነ ድማ - "እወ ኢልኩምኒ ነይርኩም፣ ሕጂ እንተ ኣቢኹምኒ ግን - ዋላ ናብ በዘን ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከይደ ክኽተብ እየ" ኢለዮም ተቐቢሎምኒ። ኣብኡ ኸኣ ዓሊሞምና። እቲ ታዕሊም ከምቲ ናይ ጀብሃ ኹ ብዓረብ እዩ ክምሃብ ጸኒሑና። ምስ ተዓለምና ኑዩም መሳልፍተይ ንሳሕል ገጾም ክሰዱዎም ከለዉ፡ ንዓይ ኣብኡ ምስኦም - ምስ ዝነበረት ጋንታ ሃንደሳ ኣትረፉኒ።

ኣብ መትከል ኣብየት ቅሩብ ግዜ ጸኒሐና ካብኡ ተጸዊዕና ናብ ሳብርጠ ኬድና። ሽዑ ሳብርጠ ናይ ኢሳይያስ ቤት-ጽሕፈት እዩ ነይሩ። ኣብኡ እተን ኣሃዱታት ሃንደሳ ተኸሊጥ ገይረን፡ ድሕሪ ተኸሊጥ ሓንቲ ጋንታ ንኣዜን ትወጽእ፣ ካልኣይቲ ጋንታ ድማ ንታሕቲ ንካሉጉል ትወርድ። ንዓይ ግን ምስኡ (ምስ ኢሳይያስ) ኣብ ሳብርጠ ኣትረፉኒ። ኣብ ሳብርጠ ንቐሩብ መዓልታት ምስ ጸናሕና ድማ ተማሊኣኒ ንባሕራባራ ወሪዱ።

ኣብ ባሕራባራ እብራሂም ሳርጃር ተኽሉ በርሀን ሃብቶም ወዲ ኣፍደዩን ጸኒሖምና። ሳርጃር ፍሉጥ ናይ ታዕሊም ዝነበረ ተጋዳላይ እዩ። ሽዑ ኣነ መደብይ ምስኦም ምዃኑ ተነጊሩ። ስራሕና ድማ ኑዩም ብብመዓልቱ ዝመጽኡ ዝነበሩ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ምቕባል እዩ። ብፍላይ ካብ ኣዲስኣበባ ብርክት ዝበሉ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ከም በዓል ሃይለ ሳሚኤል (ቻይና)፡ ዓሊ እብራሂም ናብ ገድሊ ዝወሕዘሉ ዝነበሩ ግዜ እዩ። እዚኣቶም ኣብ ከባቢ ድርፎ ርእሲ ዓዲ ተቐቢሎም ናባና ናብ ባሕሪ ባራ ይሰዱዎም'ሞ፡ ንሕና ኸኣ ኣብ ቦታና ኣኪብና ነሕልፎም ኔርና። መጀመርታ 60 ዝኾኑ ተቐቢልና፡ ቀጺሎም ክሳብ 250 በጺሖም። ሓደ ሰሙን ምሳና ምስ ጸንሑ ኸኣ ናብ ሽዕብ ኣብጺሕናዮም።

ኣብ ሽዕብ ጋንታ ናይ ፍንጃይ ኤምዳድ ተቐቢላ ንሳሕል ወሲዳቶም፣ ንሕና ድማ ናብ ቦታና ባሕራባራ ተመሊስና። ኣነ ነታ ቦታ ኣይደለኹዋን ንኢሳይያስ ቀይረኒ ወዝዮኒ ምስ በልኩዎ፡ "ተርክበሉ" ኢሉኒ። ጸቒጠ ምስ ሓተትኩዎ ግን፡ ናብ ጺጋይ ቀሺ (ከባቢ እምባ ደርሆ) ተወዚዐ። ተሓጊሰ ግን፡ ውሳኔ ናይ ሓለፍተይን እቲ ዝተጻሕፈለይ መሰነይታ ወረቐትን ድኣሉ ናብ ጺጋይይ ቀሺ ዝበል ነይሩ'ምበር ኣነስ ናብ ሓይሊ-9 እየ ኣምሪሐ። ምኽንያቱ እቶም ምሳይ ካብ ጊንዳዕ ዝወጹኡ ኣዕሩኽተይ ዑስማንን ናስርን ምስኣ ምስታ ሓይሊ ስለ ዝነበሩ ናብኦም ክጽንበር እዩ ድሌተይ ነይሩ።

ቅድሚ ኣብ ሓይሊ-9 ምብጽሐይ፡ ኣብ ኣዜን ናብ ዝነበሩ ጋንታ ሃንደሳ ኣላገሰ። ንሶም ተቐቢሎም - "ኣበይ ደኣ በጺሑካ?" ምስ በሉኒ ንገረዶም ኣበይ ከም እተወዝዐኩ። "በል ሎሚ ንግደት ናይዚ ዓዲ እንደዩ ኣብዚ ሓዲርካ ንግሆ ናብ ሓይልኻ ትኸይድ ጽናሕ" ተባሂለ - ምስኦም ንግደት ኣሕሊፈ ንጽባሒቱ ተበጊሰ። ጸላኢ ኣብ ዓድሻኻ ስለ ዝነበረ እናተጠንቀቕኩ ናብ ወኪ ኣትየ።

**- እሞ እቶም ዝኸድካዮምከ ብዘይ ወረቐት ተቐቢሎምኻ?**

ወረቐት ድኣ ሓቲቶምኒ እምበር፣ መጀመርታ ናብቲ ሓይሊ-9 ዓስኪራትሉ ዝነበረት ቦታ ክኣቱ ኸለኹ ሓመድ ሰሌማን ዝተባህለ ወዲ ናራ ዋርድያ ተቐቢሉኒ። ንሱ ትግርኛ - ይሰምዕ እምበር ዘረባ ይመልኽ ኣይነበረን። "ማን ያዀል ተዓል!" ኢሉኒ ከይደየ። ከኒታተይ ከረድኦ ፈቲነ፣ ሓደ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረ ትግርኛ ዝዛረብ ሰብ መልእኽተይ ሰሚዑ ምስ ኣረድኦ፡ ናብ መራሕ ሓይሊ ኣሕሊፉምኒ። መራሒ ሓይሊ ተቐቢሉ ወረቐት መሰነይታ ሓቲቲኒ ሂበዮ። ኣንቢቡ፡ "እዚአ ድኣ ናባይ መዓስ ኩይና ማንጁስ" ይብለኒ። ሽዑ ንእሹይ ስለ ዝነበርኩ ካብ ኢሳይያስ ጀሚርካ ከኣቶም ማንጁስ እዮም ዝበሉኒ ነይሮም። "ናብ ጺጋይ ቀሺ እያ ትብል ዘሎ፥ ናብ እምባደርሆ ኢኻ ክትከይድ" ድማ ይብለኒ።

ኣነ ድማ፡ "እሞ ኣብ ኣድራሻ ብጌጋ ጽሒፎማ ግዲ ኹይናም እምበር ንዓይ ናባኻ ከም ዝተመደብኩ እዮም ሓቢሮምኒ" ኢለዮ። እቶም ዝለኣኹኒ ድማ ብረደየ ኣብቲ ዝተመደብኩዎ ቦታ ብስላም ኣትየ ኣይኣትየን እናሓተቱ ይከታተሉኒ ነበሩ። ኣብ ጺጋይ ቀሺ ከም ዘየብጽሕኩ ምስ ኣረጋገጹ ንዓኡ ሓቲቶሞ። ንሱ ድማ "ምሳይ ኣሎ፡ ኣብዚ ምሳኻ ይሕሽኒ ይብል ኣሎ" ኢሉዎም። ንሳቶም ከኣ "ቢጋ ድሓን ምሳኻ ይኹን" ኢሎም ሽለል ኢሎምኒ፣ ተሓጊሰ ኸኣ። ምኽንያቱ ካብቶም ክልተ መሳልፍተይ፡ ዑስማን ዑመር ኣፈንዲ መድፍዓጂ ብሬን፣ ኣነ ድማ ኻልኣዩ ኩይነ ኣብ ሓይሊ-9 ስለ ዝተመደብኩ።

**- ጸጥታዊ ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ከመይ ነይሩ ኣብቲ ግዜ'ቲ?**

ኣብቲ ግዜ'ቲ ከበብታት ደቀምሓረ ደምባዘን ጀብሃ እያ ኔራቶ፡ ካብ ጸላኢ ንላዕሊ ካብ ተሓኤ ንጥንቃቐ ይግባእ ነይሩ። ንሕና ንላዕሊ (ናብ ከበሳ) ኣብ ዝወጻእናሉ ግዜ፡ ብሸኽ ወጋዕ ሕድሕድ ከባቢ ወኪ-ዛግር ሳልሕ ጠጠው ተሰዊኡ ጸኒሑና። ብድሕሪኡ ኸኣ ምቛም ባጦሎኒታት ሰዒቡ።

**- መዓስ'ዩ ነይሩ ምምስራት ባጦሎኒታት ናይ ህዝባዊ ሓይልታት?**

ምቛም ባጦሎኒታት ኣብ 1976 እዩ ነይሩ። ሓይሊ ተሰሩሃውቲ፡ ሓይሊ ተሰሩይ ቀሺን ሳልሳይቶን ካብ ሳሕል ዝመጽኣት ሓንቲ ሓዳስ ሓይልን ብምዃን ኣብዚ ዒላ-ዓሮ ትበሃል ቦታ ተኣኪብና ተኸሊጥ ጌርና ንባጦሎኒ-3 ኣቑምና። ኣዛዚ ባጦሎኒ ጺጋይ ቀሺ፣ ምክትሉ በርሀ ጻዕዳ፣ ኮምሽር ድማ ስቡሓት ኤፍሬም ኮይኖም። ግን ጺጋይ ቀሺ ብሰንኪ ምምራዝ ናይ ቀምሊ መድሃኒት ከም ኣዛዚ ባጦሎኒ ክየገልግለ ቀልጢፉ እዩ ተሰዊኡና። ምስ ኣቦ ዓፉን ዝተባህለ ብጻይ፡ ነቲ መድሃኒት ከየቃጠሉ ስለ ዝተጠቐሙሉ ዓፈርም ናብ ሕክምና እናወሰድናዮም ኣብ መንገዲ ተሰዊኦምና። ድሕሪ'ዚ ቦታ ጺጋይ ቀሺ በርሀ ጻዕዳ ሐዙዋ፡ ኮምሽር ስቡሓት ነታ ባጦሎኒና ክልተኦም ሐዞምዋ።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካመራ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 16:10 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ልዙብ ግርጭት ፍቕሪ



ግና ዘፍርዮ የብለይን። እዚ ንቕጽና ኣይከውንን። ብቕዓት ስለ ዘውሓደኒ’ዩ” ምባል። ዚ ሓሳብ እታ ብዘረባኣ ናይ መጠረሽታ ርጥብትን ንጽርትን ትብሃል ጓል ከይተረፈት ተኽብሮ እያ።

ሓያሎ ደቀንስትዮ ልዕሊ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ዘረባ ናይ ምንጻር ክእለት ኣለወን። ስምዒቶምን ሓሳባቶምን ንምግላጽ ዘኽእልዎም ቃላት ኣብ ምንዳይ ዝጽገሙን ኣብ ምውጽኦም ዝድንገዩን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሒደት ኣይኮኑን። ምስ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ግርጭት ምስ ዝኣትዉ ድማ ተወሳኺ ጸሕታት ስለ ዘኸፍኖም ኣዘራርባኦም ርእሱተኣማንነት ይጎድሎ። ንቑይቑ ኣብ ናይ ጃላት መድረኽ ዘብጽሕዎ ሓያሎ ነገራት ኣለዉ። ስምምዕ ምስኣን ኑቲ ፍጻመ ብዘተፈላለየ መገዲ ስለ እትዕዘቦ ወይ ሓዴኻ ብዝይከውን ከም ዝተጠቐንካ ስለ ዝሰምዓካ፣ ኣፍቃሪትካ ብዘረባ ስለ ትብልጸካ ዕንድ ኢልካ ኢኻ ትተርፍ። ኣብዚ መዳይ ብዘዮጽኣ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ኣማራጺ እውን ኣሎ። ሓሳብካን ኣመለኻኽታኻን ከተዛጽር ብዘይምኽኣልካ ክትምልሰላ እንተ ዘይክኢልካ “ክዕርፍ እደሊ ኣለኹ። ሓሳበይ ክሳብ ዝጠፍኣኒ ተዛሪበኪ ኣለኹ። ከምዚ ኢለ ዚ ነገር ዝጠቕም ሓሳብ ከምጽእ ኣይክእልን’የ። እዚ ጉዳይ ከም ዘይተፈትሐ ተረዲኤዮ ኣለኹ። ሕጂ

ከተፍቅር ምኽኣል ማለት ህይወት ምኽፋል ማለት’ዩ። ንኽልተኻ ጸቡቓት መደባት ምምዳብ’ዩ። ጎኒ-ጎኒ ኴንካ ምስራሕ’ዩ። ከተፍቅር ምኽኣል ማለት ሕልሚታትካ ጋህዲ ዝኾኑሉ’ዩ። ክትትሓጋገዙን ክትተባበዑን ምኽኣል’ዩ። ምስ ፍሽኽታኻ ክቡራት ቃላት ምሃብ’ዩ። ንወህደትካ ግዜ ምሃብ’ዩ። ብርህራህን ሓለዋን ክትሰምዑን ክትተናኸሽን ምኽኣል’ዩ።

ከተፍቅር ምኽኣል ማለት ኣብ ህይወትካ ፍሉይ ሰብ ምህላው’ዩ። ትምህርትን ዝምህርትን ሰብ ምምሃር ማለት’ዩ። ንኹሉ ዓመታት ኣብ ጎንኻ ሰብ ምህላው’ዩ። ከም ሓውን ሓብትን መሓዛትን ፍቑራትን ኴንካ ምንባር ማለት’ዩ።

ከተፍቅር ምኽኣል ማለት እናሻዕ ክትመልሶም ደስ ዝብልካ ምቁራት ዝኽርታት ምፍጣር’ዩ። ኩሉም ጸቡቓትን ክፉኣትን ተኻፊልካ ብሉጽ ፍቕሪ ምውላድ’ዩ። ግርጭት እውን እንተኾነ ብልዙብ መንገዲ ክፍታሕ ኣለዎ።

## ሕፍረት

ሕፍረት ማለት ስዕረት ማለት እዩ። እቲ ክትገብሮ እትውጥኖ ነገር ንስለ ሰባት ክትብል ኣይትግደፎ። ንስኻ ደኣ’ምበር ንስለ ሰባት ከም ዘይትነብር ኣስተብህል። ንሰኻ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ንጉስ ኢኻ። ኩሉም ኒጋወስ ከኣ



ቃሕታኦም ካብ ምግባር ዝዕግትዎም ከም ዘየለ ኣስተብህል። ስለዚ፣ ነዛ ብዘይካኻ ኣዛዚ ዘይብላ ኑበሸኻ፣ እቲ ክትገብሮ እትደሊ ክትገብር ኣፍቅደላ። ክትልህ እንተ ደሊኻ ከም ድላይካ ሰቕጥቀጥ በል። ክትዝምር እንተ ደሊኻ’ውን ጎረሮኻ ክሳብ ዝኽእሎ ጨድር። ዋላ’ውን እቶም ንጭድራኻ ሰሚዖም ዝተኣከቡ ሰባት ብምግራም ኣዒንቶም ፈጠጥ እንተ ኣበሉ፣ እቲ ትገብሮ ዘለኻ ናትካ ቃሕታን ድሌትን ክሳብ ዝኾነ ኣይትሰከፍ። እኳ ደኣ ደስ ዝበለካ ስለ ዝገበርካ ብሓጎስ ፍሽኽሽኽ በል። ንሰኻ ንስለ ሰብ ከም ዘይትነብር ምስ ፈለጥካ ኑበሸኻ ብዘዘበረቶ ክትዓግዞበን ደስ ክብላን ክትርእያ ኢኻ።

“ዘኾኑ ሰብ ደርእየካ ከም ዘየለ ገይርካ ኣብ ህይወት ተቛጸጽ። ብድሕሪኡ ህይወት ልክዕ ከም ኣብ ጉት ዘለኻ ክትከኑልካ’ያ።” - ዊልያም ፑርክለይ

ሰብ ብባህሪኡ ምስ ሰብ ናይ ምሕዋስ ሓያል ውሽጣዊ ድርኺት ኣለዎ። በዚ’ዩ ድማ ካብ ሰባት ምስ ዝንጸል ንኣካላውን ንስነ-ኣእምሮኣውን ሕማማት ቅሉዕ ወይ ተኣፋፊ ዝኸውን። ሓፋራት ምስ ሰብ ክሕወሱ ዓቕሚ ስለ ዘኾኖም፣ ግዳያት ሕማማት ናይ ስነ ኣእምሮ ይኾኑ።

ሕፍረት መንቀሊኡ ሕማቕ እንተ ተዛረበ ሰባት ከይደህሉንን ከየናሸዉንን ካብ ዝብል ዘይምኽኑይ ፍርሒ ዝበገሰ’ዩ። በዚ ምኽንያት’ዩም ድማ ሓፋራት ኣብ ቅድሚ ሰብ ሓሳቡዩም ብግቡእ ክዛረቡ ዘይደፍሩ።

ሰባት ኣብ ቅድሚኦም እንክለዉ ትም ምባሎም ጸቕጥን ዘይምችእነትን ይፈጥረሎም። ምስ ሰባት ኣብ ዝህልወሉ ከኣ፣ ምድረ ሰማይ ከም ኣፍ ዕንቂ ትጸቦም። ኣብዚ ዓለም ዘኾኑ ሰብ ከማኻ ይሰከፍን ይሸቑረርን ምዃኑ ተገንዘብ። ኣብ ዘኾኑ ኣጋጣሚ ሓሳብትካ ክትገልጸን ርእይቶኻ ከተቕርብን እትኽእል ብቑዕ ሰብ ምዃንካ እመን።

## ንደሓር ዝበላ ኑብሲ

• ማጊ ዲክሰን ኣብ መጀመርታ 18 ዘመን ኣብ ከተማ ኤዲንበርግ ስኮትላንድ ትቕመጥ ዝነበረት ውጽእ መዓት ሰበይቲ’ያ። ኣብ 1723 ሰብኣያ ራሕሪሕዋ ምስ ጠፍኡ፣ ንደቡብ ገጹ ብምጉዓዝ ናብ ኬልሶ ዝተባህለት ቁሸት ኣተወት። ኣብ ኬልሶ ምስ ኣተወት፣ ምስ ሓደ ወናኒ ሆቴል ንመግቢን መደቀሲኣን ጥራይ እናተኸፍለት ክትሰርሕ ጀመረት። ምስ ወዲ’ቲ ዋና ከኣ፣ ብሕቡእ ፍቕሪ ጀመረት። ኣብ መንጎ ጥንሲ ስለ ዘጋጠማ ግን ብዙሕ ተጨነቐት።


ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ጥንሳ ሓቢኣ ክትከይድ መረጸት። ምኽንያቱ ኣሰራሓኣ እንድሕር ፈሊጡ ሳዕቤኑ ከቢድ ከም ዝኸውን ስለ ዝተረድኣ።



ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን እቲ ዕሸል ኣብ ዘይመዓልቱ ተወልደ። ድሕሪ ሒደት መዓልታት ድማ ሞተ። ማጊ እቲ ዕሸል ኣብ ኢዳ ምስ ሞታ ኣቡቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ፈለግ ከይተራእየት ክትድርብዮ ወሰነት። ናብቲ ፈለግ ክትወርድ ብዘይምኽኣላ ግና ኣብ ከባቢኡ ደርቢያቶ ክትምለስ ተገደደት።

እቲ ዕሸል ግና፣ ከይወዓለ ከይሓደረ ተረኸበ። ናይ ማጊ ምዃኑ ድማ ተፈልጠ። ብድሕሪ’ዚ ማጊ ኣብ 1724 ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ብምሕባእ ጥንሲ ተኸሰሰት። ናብ ግራስ ማርኬት ዝተባህለ ቦታ ተወሲዳ ብምሕናቕ ምስ ተቐትለት ኣብ ሳንዱቕ ሬሳ ዓሺጎም ክቕብርዋ እናኸዱ ከለዉ፣ ጉዕዞኦም ካብ ውሽጢ’ቲ ሳንዱቕ ብዘወጸ ድምጺ ተቛረጸ። ነገራቱ ዝደንጸዎም ተሰከምቲ ቃሬዛ ነቲ ድምጺ ዘስምዐ ሳንዱቕ ሰይሮም ምስ ከፈትዎ ማጊ ብህይወታ ጸንሓቶም። ንደሓር ዝበላ ኑብሲ ማጊ ብድሕሪኡ ናጻ ተለቒቓ። ብድሕርኡ ንኣርብዓ ዓመታት ብህይወት ጸንሐት። ኩሉ ፈላጢኣ ድማ ‘ተረፍ ማሕነቕቲ’ ብዝብል ሳጓ ይጽውዓ ነበረ።

• ጆሴፍ ኤግለር ዝተባህለ ኣብ መበል 19 ዘመን ውሩይ ኣውስትራያዊ ቀባኣይ ዝነበረ ኣብ ዘመኑ-ህይወቱ ሕጉስ ከም ዘይነበረ’ዩ ዝንገረሉ። ንሰለስተ ግዜ ናይ ኑበሱቅትለት ፈተነታት ኣካይዱ። ናይ ፈለማ ፈተነ ቅትለት ወዲ 18 ዓመት እንከሎ’ዩ ሓሲቡዎ። መሸንቆቒ ኣዳልዩ ኣብ ክሳዱ ምስ ኣእተዋ ግን፣ በዚ መጺኡ



ዝይተባህለ ሓደ ፈላሲ ካብ ተግባራቱ ዓንቂጽዎ። ወዲ 33 ዓመት ምስ ኮነ እንደገና ካብ ተመሳሳሊ ፈተነ ኑበሱቅትለት በዚ ፈላሲ ንኻልኣይ ግዜኡ ደሓነ። ድሕሪ 8 ዓመታት ከኣ፣ ጆሴፍ ኤግለር ብፖለቲካዊ ንጥፈታቱ ተኸሲሱ፣ ንሞት ተፈርደ። ሕጂ ’ውን እቲ ተኣምረኛ ንኻልሳይ ግዜኡ ኑቶም ፈራዶ ብምልማን ካብ ሞት ኣናገፎ። ኤግለር ወዲ 68 ዓመት ምስ ኮነ ግን፣ ሰሊጡዎ ኑበሰ ቅትለት ፈጸመ። እቲ ዝገርም ድማ፣ እዚ ሰለስተ ግዜ ንኤግለር ዘድሓኖ ፈላሲ፣ ኣብ ሐመድ ደብኡ ተረኺቡ ጸሎተ ፍትሓት ምክያዱ’ዩ።

## ዝዓበየ ምድረ-በዳ ኤስያ

ምድረብዳ ጎቢ ኣብ መንጎ ቻይናን ሞንጎልያን ዝርከብ ዓቢ ምድረብዳ እዩ። ኣብ ቻይናን ሞንጎልያን ድማ ንኣሽሓት ዓመታት ዝቐጸለ ባህላውን ቀንጠባውን ኣገዳስነት ዘለዎ ኩይኑ፣ ቀንዲ መዕረፊ በጺሒቲ ሃገር ምዃኑ ይፍለጥ። ምድረብዳ ጎቢ ከም እቶም ካልኦት ምድረብዳታት ዓለም ንሓያለይ ነፋሳት ጥርዚ ዘብጽሕ ክቱር መቐት ዘለዎ’ዩ። ብመጓስ ዝናበሩ ሰበኽ ሳሞማውያን ነርቱ ግና፣ ቤት ኣለም’የም ዝጽውዕዎ። ናደዚ መርኣያ ድማ እቶም ኣብ ጫፋት ናይቲ ምድ-ረብዳ ዝተሃንጹ ሓያለይ መንበሪ ኣባይቲ እዮም። መብዝሕትኡ ሰብ ንሒዳ ምስ ምድረብዳ እዩ ዘተኣሳስር። ምድረብዳ ጎቢ ግና፣ እምብዛ ሒዳ ዝርከቦ ኣይኮነን። ዝጠዘለ ክፋል ምድረብዳ ጎቢ ኣኻውሕ፣ ጭዋዓጊን ሓመድን ክኸውን እንከሎ፣ ብሕልፊ ኣብቲ ንገለ ክፋል ናይቲ ምድረ-በዳ ከም ምንጪ ማይ ዘገልግል ፈለግ ከሩለን ግና፣ ፋሕ ዝበሉ ቈጥቋጥ ከም ዝርከቡ ይግለጽ። ኣብ ገለ ክፋሉ ዝርከቡ ዓበይቲ ጉላታት ብንፋስ ዝተኾመረ ሒዳ ብተፈጥሮኣዊ ጸባቐኦምን ማስሕቦ በጺሒቲ ሃገር እየም። ኣስታት 1.3 ሚልዮን ትርብዒት ኪ.ሜትር ዝጽሕ ሓፈሻዊ ስፍሓቱ ካብ ኤስያ ቀዳማይ፣ ካብ ዓለም ከኣ ድሕሪ ሳህራ ብዕበዩ ዝጥቀስ ምድረብዳ ይገብሮ። ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ኣስታት 1,600 ኪ.ሜትር፣ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ድማ ኣስታት ሓደ ሽሕ ኪ.ሜትር ይዝርጋሕ። ሰጠኹሶምማውያን



ጓሶት ንምብራቓዊ ክፍሊ ናይዚ ምድረ-በዳ ንኣሽሓት ዓመታት ከም ዝተጠቐምሉ ይግለጽ።

ቢያንሆንገር ዝበሃል ክፋሉ ድማ ኣብ ስሩጥንቲ ሃብታም ምንጪ ኣሰር-ህይወት ናይ ዳይናሰርን ሓያላት እንስሳታትን ኣትክልትን እዩ። ሓደ ካብ ኣገደስቲ ተኽሊታት ምድረብዳ ጎቢ ሳክኣውል ዝበሃል ብዙሕ ጨንገር ዘለዎ ቈጥቋጥ ኩይኑ ንመግቢ፣ ሓውን መጽለልን የገልግል። ሰሱሓ፣ ተድጊ፣ ዕፍ ማይ፣ ተኸሉ፣ ገመል፣ ኣድጊ በረኻ፣ ደቢ፣ ብዕራይ በረኻን ፈረስ በረኻን ድማ ኣብ ዝተወሰነ ክፍሊ ምድረብዳ ጎቢ ዝርከቡ እንስሳታት እዮም። መብዝሕትኦም ካብዞም እንስሳታት ኣብቲ ምድረብዳ ዝርከቡ ብርቂ እዮም።

ኣብ ምድረብዳ ጎቢ ዝህሉ ከኣታት ዝጸንከረ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ኣዝዩ ጽሙእ ክኸውን እንከሎ፣ ንሓጺር እዋን ድማ ዝናብ ይረክብ። ገለ እዋን ከኣ፣ ምስ ሓይሉ ጀው ዝብል’ዩ። መጠን ዝረኽቦ ዝናብ ካብ 200 ክሳብ 250 ሚሊ. ሜተር ዝበጽሕ ኮይኑ፣ መብዝሕትኡ ኣብ ሰሜናውን ምብራቓውን ጫፋቱ ዝዘንብ’ዩ። ኣብዚ ፍሉይ ኩነታት ምድረ-በዳ ጎቢ ንምንባር ልዑል ምውህሃድ የድሊ። መጠን መቐት ምድረብዳ ጎቢ ካብ ኣሉታ 40 ዲሰንቲግረድ ክሳብ እወታ 32 ዲሰንቲ ግረድ ይፈላለ።

### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- “እቲ እኹ ውድቀት ዘይምፍታን ጥራይ እዩ።”- ሮቢን ኤስ ሻርማ
- “ኣጋውብ ኣጠፋፍኣ ግዜና መን ምዃንና’ዩ ዝገልጸና።” - የናታን ኢስትሪን
- “ቅድሚ ግብሪ መልሲ ምሃብካ ሕሰብ። ቅድሚ ምውጻእካ ኣታዊ ግበር። ቅድሚ ምንቃፍካ ዓቕሊ ግበር። ቅድሚ ምቁራጽካ ፈትን።” - ዊልያም ኣርተር ዋርድ
- “ናጽነት ካብ ሓይሊን ርእሰ ምርኩሳን እዩ ዝመጽእ።” - ሊዛ ሙርኮውስ
- “ጌጋ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ስለ ዀነ ሓደ ሰብ ዋጋ ክኸፍለሉ ኣለዎ።” - ሄነሪ ኤች ባክሊ
- “ንሓደ በደል እኹሉ ምላሽ ንመጺኢና ይውሰኖ እዩ።” - ጆን ቤሸረ
- “ብዋጋ ካልኦት ሰባት ዝርከብ ሓጎስ የለን።” - ኣንዋር ሳዳት
- “ነገራት ይቐየሩ፣ ኣዕሩኽካ ይርሕቁኻ ህይወት ግን ትቕጽል።” - ስቲፈን ቾብስኪ

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

## ከም ብ'ዋዛ

## ንሕናን ጋዜጣታትን

ምስ ካልኣየይ ናብ ሓደ ቦታ ንኸይድ ነይርናስ፡ ኣጋጣሚ ሓደ ዝደልዮ ዝነበርኩ ሰብ ደዊሉ - "ሕጂ ክትረኽበኒ ትኽእል ኢኻ" ኢሉኒ። ሽዑ - ነቲ ምሳይ ዝኸይድ ዝነበረ፡ "እዚ ዝደወለለይ ርኺበ ኣብለዮ ክመጽኣካ እየ'ሞ፡ ዋላ ኣብዚኣ ሻሂ እናሰተኻ ክተዕልል ጽንሓኒ" ኢለ ናብ'ታ ኣብ ጥቓና ዝነበረት እንዳባር ክኣቱ ነገርዮ። ንሱ፡ "ሕራይ" ኢሉ ኣትዩ ከብቅዕ - ብኡ ንቡኡ ወጺኡ ጸዊዑኒ።

"እሂ ደኣ?"

"ኣብዚ ሰብ የለን እሞ ኣብ ካልእ ኣብይ ክጸንሓካ?"

"ዋላ በዓል ከሉሶ የለዉን?" ኣሰምዖት ክልተ ካብ'ቲ ገዛ ዘይፍለዩ ሰባት ጠቒሰ ሓቲተዮ።

"ንሶቶም ደኣ ኣለዉ እምበር"

"እሞ ምስኣቶም እናኣዕለልካ ዘይትጸንሓኒ?"

"ካብ ምስኣቶም ኣዕልል ትብለኒ ደኣ - ካብ'ዚኣ ጋዜጣ ገዚእካ ክትዘናጋዕ ጸናሕ ዘይትብለኒ" ኢሉ ካብ'ታ ኣብ'ቲ ኣፍ-ደገ ኮይና ጋዜጣ ትሸይጥ ዝነበረት ሰበይቲ ጋዜጣ ገዚኡ ኣትዩ።

ኩላትና ከም ዘይንስሕቶ ጋዜጣ ማዘናግዕን መመሓላለፊ ሓበሬታታትን ጥራይ ኣይኮነትን። እንኳላይ ጥጡሕ ባይታ መኮስኮሲ ባህሊ ንባብ ኣብ ደቂሰባት እያ።

ሓያለ ዓመታት ይገብር ነብሱ ይምሓሮ ምስ ፍቱው ገጣሚ መምህር ተኸለ ተኸስተ ኣብ ገዛ ናይ ባር-ኣምፔሮ ኮፍ ኢልና እናዕለልና እንከለና፡ ሓደ ኣብ ጥቓና ዝነበረ ሰብ - "እዛ ጋዜጣ'ዶ ሓንሳብ ክንብብ?" ኢሉና።

ኣነ ድማ ነታ ካብ ጉድለት ኣታሕዛይ ዕምጽጸጽ ኢላ ዝበረት ጋዜጣ ኣመዓራርየ ኣብሉ፡ ንምጅማራ ንኽትምቸኣሉ በቲ ቀዳማይ ገጺ ገይረ ሂበዮ። ንሱ ግን ብኣንጻሩ፡ ነቲ ብዕሊ ገይረዮ ዝነበርኩ ቀዳማይ ገጽ ናብ ታሕቲ ቀይሩ፡ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት እናገንጸለ ክንብብ ጀሚሩ። እዚ ዝረኣየ መምህር ተኸለ - "ሬኢኻዮዶ...?" ኢሉኒ።

"እሰምዓካ ኣለኹ" ንምባል ርእሰይ ምስ ነቕነቕኩሉ -"ቤታ ንሱ ዝፈትዋ 'ዓምዲ ስፖርት' ክጅምር ክብል እኮ'ዩ ነዛ 'ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ፡ ልክዕ ከም 'ጋዜጣ ዓረብ' - ካብ ጸጋም ናብ የማን እናኸደ ዘንብባ ዘሎ" ኢሉኒ።

እቲ ሰብ'ቲ ግን ጌጋ ኣይነበረን - በታ ህሞት እቲኣ ክንፈርዶ እንተኾይንና። ኩሉ ኣንባቢ ነቲ ንዓኡ ዝምችኦ - ምስ ቃሕታኡን ምርጫኡን ዝሰማማዕ ኣርእስቲ ከቐድም ባህርያዊ እዩ። ግዱ ኣብ'ታ ዓምዲ ስፖርት ጠጠው ክብል የብሉን። ምንባቡ ክቕጽል ኣለዎ - ተወሳኺ ሓበሬታ/ኣፍልጦ ክረኽብ ምእንቲ እዩ እቲ መልእኽቲ። ብኣውራኡ ኸኣ ናይ ምንባብ ፍቕሪ የሕደረ።

'ቶፍለር' ዝበሃል ኣሜሪካዊ ክኢላ መጽናዕቲ ማሕበራዊ ናብራ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ መሬትና ካብ ዝነበሩ ወለዶ፡ እቶም 80 ዳሕረዎት ወለዶ ጥራይ እዮም ምስ ናይ ፊደላት ጽሕፈት ተላልዮም። ብዘይካ'ዚ ናይ ዝርርብ ቋንቋ ቅድሚ 500 ሽሕ ዓመታት፣ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ ቅድሚ 5 ክሳብ 6 ሽሕ ዓመታት፣ ናይ ሕትመት መሳርሒ ቅድሚ 500 ዓመታት፣ ቴለግራፍ ቅድሚ 180 ዓመታት፣ ቴሌፎን ቅድሚ 140 ዓመታት፣ ቴለቪዥን ቅድሚ 75 ዓመታት፣ ኮምፒዩተር ቅድሚ 65 ዓመታት፣ መራኸቢ ሳተላይት ቅድሚ 45 ዓመታት - ከም ዝተማህዘ ገሊጹ ኣሎ።




እዞም ነገራት እዚኣቶም ኣብ ዝተማህዘሉ ፈለማ እዋናት ጽሑፍ ዘየንብቡ ሰባት እንተ ነይሮም፡ ጽሑፍ ከም ዝተማህዘ ካብ ዘይምስማዖም ክኸውን ስለ ዝኽእል ኣይተሓዝሞን እዩ። ናይ ማበዝሒ መሳርሕታት ተማህዚሰ ወዮ'ኳ ንዝሓለፈ ብዙሕ ዓመታት ብዙሕ ነገራት ተባሂሉ ኣብ ዘለወሉ ኣብዚ ሕጂ እዋን ጋዜጣ ዘየንብቡ ሰባት እንተለዉ ግን ከመይ ዘይተሓዝዎም።

ጋዜጣ መዓስ ተጀሚሩ? ብዙሓት ኣርእስቲ ዝተጻሕፉ ጽሑፍ ከም ዝገልጹ፡ ቀደም ጋዜጣ ከም'ዚ ናይ ሕጂ ዘይኮነስ፡ ዜና ዝሓዘ ደብዳቤታት ኢዩ ነይሩ። ኣብ መበል 5ይ ክ/ዘመን ቅድሚ ል.ክ ሰባት እዚ ዜና ዝሓዘ ደብዳቤታት ካብ ከተማ ሮማ ርሒቖም ንዝነብሩ ሰባት ይለኣኹሎም ነይሮም። ብ'60 ቅድሚ ል.ክ. ዝነበረ ጁሊስ ቄሳር ከኣ፡ መዓልታዊ ፍጻሜታት 'Acta Diurna' ዝበሃል መዓልታዊ ሓበሬታታት ዝሓዘ ጽሑፍ፡ ህዝቢ ሓሳቡን ርእይቶኡን ንምግላጽ ኣብ ዝተኣኻኸበሉ ኣዳራሽ፡ መድረኽ/ቅርዓት እናተጠቀዐ ህዝቢ ከም ዘንብቦ ይገብር ነይሩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ምዕቡልን ቅልጡፍን ዝርጋሐ ጋዜጣታት ኢዩ ዘሎ። ንገዛእ'ዶ ኣይንገዝኣን ደኣ እንደዒ እምበር፡ ኣብ ዘዙሓለፍናዮ ጎደና ዝዘርግሀ ጋዜጣ ከይረኣና ኣይንውዕልን። እዚ ምስቲ ቀደም ኣብ ኣፍ-ደገ ኣደራሻት ዝጥቃዕ ዝነበረ ጋዜጣ ኣተኣሳሰርና እንተ ርኢናዮ፡ ዳርጋ ኣኣብ ገጽና ዝጥቀዓልና ዘሎ ኢዩ። ኣብ ገጽካ ዝተጠቕዐ ነገር ድማ፡ ኣንቢብካ ክትቅበሎ ዲኻ ክትዛጸን ንዓኻ ዝምልከት ኮይኑ፡ ግን ከኣ ከተንብቦ ዝግብኣ እዩ።

በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ፡ ንንፋዕ ኣንባቢ ንፋዓት ጸሓፍቲ እዮም ዝፈጥርዎ። በቲ ሰሓቢ ናይ ኣጸሓሕፉ ክእለቶም ገይሮም፡ ንጸሓፍቲ'ውን ኣንበብቲ ይፈጥርዎ እዮም። በቲ ነቲ ጽሑፋቱ ኣንበብቱ ዝህብዎ ሃናጺ ነቐፌታታቶምን ኣድናቖቶምን ኣቢሎም። ወይ ድማ ነቲ ጽሑፉ ብምንባብን ብዘይምንባብን። እንተ ኣንበብምሉ ሞራል ረኺቡ ብዝለዎን ብዝበለጸን ይቕጽል። እንተዘይ ኣንበብምሉ ድማ፡ ምእንቲ ከንብቡሉ ኣሉ ጽሑፋቱን ኣጸሓሕፍኡን ከመሓይሽ ይጽዕር ወይ ይገድፎ።

ኣብ ምንባብ ዕለታዊ ጋዜጣ ዘሎ፡ ኣብ ምንባብ ዕለታዊ ህይወቱን ህይወት ካልኦት ሰባትን ብዙሕ ነገራት ክተርፎ ይኽእል ኢዩ። ኩነታት ናብራ ደቂሰባት፡ ጸቡቕ ገይሩ ዘየንብብ ሰብ ድማ፡ ኣብ ምጽሓፍ ጋዜጣ'ውን ክሀሉ ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ምንታይ'ሲ ጸሓፍትን ኣንበብትን ንሓድሕዶም ኢዮም ዝፈጣጠሩ። ጸሒፉ ዘይክእል ኣንቢቦም ዘይክእሉ የፍሩ። ኣንቢቡ ዘይክእል ድማ፡ ፈጺሞም ዘይጽሕፉ ወይ ጸሓፍም ዘይክእሉ የፍሩ።

ብዙሕ ምስ በልና ደኣ ኮይኑ ኣምበር፡ "ንነገራት ከተንብብ ምስ ከኣልካ ኢኻ ንጽሑፍ ተንብብ፡ ንጽሑፍ ምስ ኣንቢብካ ድማ ንነገራት ተንብብ" ንብል ኣለና ማለት'ዩ ብሓጺሩ። ዘይረኣናዮ ደኣ ንኸውን እምበር፡ "ጽሑፍ ከተንብብ እንተደሊኻ ነገራት ኣንብብ፡ ነገራት ከተንብብ እንተደሊኻ ድማ፡ ጽሑፋት ኣንብብ" ዝበል ኣበሃህላ እውን ነይሩ ይኸውን ኢዩ። ዘይነበረ እንተኾይኑ ድማ ሕጂ እህሉ።

ሰብ ጸባቒኡ ክርኢ፡ ኣቡኡ ክስተብህል፡ ሓይሉ ክመዝን፡ ኣካይዳኡ ክስተውዕል፡ ዘለዎ ክጥቀም፡ ዝጎደሎ ክምልእ፡ ምስ ገዛ ርእሱን ምስ ከባቢኡን ክናበብ፡ ዝኾነ ሰብ ፈታዊኡ እናመሰለ ከይጎድኦ፡ ጠቓሚኡ እናመሰለ ከይሃስዮ ዘኽእል ዓቕሚ ክውንን፡ ምስ ደጋፊኡ ደዩ ዘሎ ምስ መጽደፊኡ፡ ምስ ጠቓሚኡ ደዩ ዘሎ ዋላስ ምስ ጎዳኢኡ፡ ምስ መን ኣሎ ክርዳእ እንተኾይኑ - ምስ ጽሑፋት ብሓፈሻኡ፡ እንተላይ ድማ ምስ ዕለታዊ ጋዜጣን ጋዜጣታትን ክመሓዞ ወይ ክተዓራረኽ ዘለዎ ኢመስለኒ። ካብ ነብሰይ ጀሚሩ ከምኡ ክንገብር ኣኽእሎ ይሃበና።

## ክፍልታት ኣካላትና ንምንታይ ተፈጢሮም?

ቀዳሞት ወለድና ካብ ዝመሃዙዎ ዘርም ናይ ማበዝሒ መንገዲታት - 'ምስላ' ሓደ እዩ። ምስላ፡ ሓጺር ግን ከኣ ንኽትሰምዖን ኣቓልቦኻ ክትህቦን ዘኽእል መሳጥዑት ኣለዎ። ብቐሊሉ መልእኽቱ ክትርድኣ እሞ ክትቅበሎ ዘኽእል ብሩህነት ብዘለዎ ኣዘራርባ ከኣ መልእኽቱ የመሓላልፍ።

ንኣብነት፡ "ኣደ ሓጺርሲ ጭሕሙ ምስ ረኣየት ትቕብጾ" ዝብል ምስላ፡ "ወዲ ሰብ ዕድሜኡ ንጭሕሚ እንድሕር በጺሑሱ ዕድመ ምውሳኽ ቁመት ኣብቂዑ ኣሎ ማለት እዩ'ሞ፡ ድሕሪ ደጊም ክንደየናይ ቁመት ክውስኽ!" ንምባል ከም ዝኽእል ኢዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጭሕሚ ላዕልን ታሕትን ኢልካ ህይወትካ ከተጣጥሓሉ ንእትኽእል ዕድመ ስለ ዘመልክት፡ ኣብ ግዜ ምብቃል ጭሕሚ ጀሚርካ ድሕሪኡን ዘለዋ ዝተወሰና ዓመታት ናይ ግድነት ክትጎይየለን፡ ክትመዛረለን፡ ሞያ ክተጥርየለን፡ ክትሰርሓለን ከም ዝግበኣካ የዘኻኽር። ነተን ዕድመ እቲኣተን ብጥበእ እንተደኣ ዘይተጠቐምካለን ግን፡ ቁጠባዊ ዕበየት የብልካን፡ ምዕባለ መነባብሮ ኣይትጽበ፡ ውሕስነት መጻኢ ህይወትካ ቅበጽ" ዝብል መልእኽቲ እውን ኣለዎ።

ዝኾነ ሰብ፡ "ጭሕሚ ጎረቤትካ ክለጽ ጭሕምኻ ማይ ልኽ" ኢሉ እንተመሰለልካ፡ "ብጻይካን ጎረቤትካን እንድሕር ጥዒምዎ ኢዩ ዝጥዕመካ፡ ብጻይካን ጎረቤትካን እንተቐሲኑ ኢኻ ትቕሰን፡ ብጻይካን ጎረቤትካን ደቂሱ እንተሓደረ ኢኻ ደቂስካ ክትሓድር እትኽእል እሞ - ብጻይካ ሓሰምዎ እንከሎ፡ 'በይነይ ክጥዕመኒ ኢዩ' ኢልካ ኣይትሕሰብ። ብጻይካ ጸቢብዎ እንከሎ ንበይንኻ ክርህወካ ምጽባይ ከቶ ዕሽነት ኢዩ። ስለ'ዚ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሸቖር ንዘሎ ብጻይካ ንኽርህዎ ግቡእካ ኣብርክት።" ይብለካ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ናብቲ ቀንዲ ዛዕባይ ክሓልፍ፡ ብቐዳማይ ንሓደ ሰብ "እንታይ ደኣ ሰላም እናበልናካ ሰላም ከይበልካ ረጊጽካና ሓሊፍካ?" ኢለዮ።

"ኣበይ?"

"ሕጂ ናብ'ዚ ንኽትመጽእ ቤታ ኣንጎሎ ጥውይ ክትብል ከለኻ"

"ኣብቲ ኣንጎሎ ነይርካ?"

"እወ፡ ነተን ኣብኡ ጠጠው ኢለን ዘዕልላ ዘለዋ ኣርባዕተ ኣዋልድ ሰላም ይብለን ነይረ።"

"ምስተን ኣዋልድ ከለኻ እንተኾይኑስ እንታይ ግድኻ ጓል መሰልካኒ እየ ትም ኢለ ሓሊፈ ዘለኹ።"

"ጓል መሰልካኒ ትብለኒ ደኣ፡ 'ጸቡቕ መልክዕ ኢኻ' ማለትካ ድዩ?"

"ከም ጓል ጭሕሚ የብልካ ገለ የብልካ ደኣ ብምንታይ ክሰልየካ ማለተይ እምበር"

"ብዘይምህላው ናይ ጭሕሚ እንተኾይንካ እሞ፡ 'ጭሕሚ ዋላ ሓደ ትርጉም የብሉን' ኢለ ስለ ዝላጸዮ እንድኣለ።"

"ትርጉም የብሉን ኢልካ ዘይተኾንካ ትላጸዮስ ጸጉሪ ጭሕምኻ በዛ ሓንቲ ጫፍ መንከስካ ዓሰርተ፡ ቤታ ሓንቲ ጫፍ መንከስካ ድማ ዓሰርተ ሽዱሽተ በበይኑ ስለ ዝኾናስ፡ ገጽካ ሚዛን ስሒቱ ከይትዝበል ኢልካ እንዳኣልካ ትላጸዮ።"

ብሞጎስ ዓቕለይ ምስ ኣጸበበለይ፡ "እሞ ጭሕሚ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ?" ኣብ ትብል ምጉተይ ደረኹ።

"ተረቲዐ..." ክይብል ደኣ ምምጓተይ ቀጺለ እምበር፡ ብውሽጠይስ ዝኾነ ይኹን ነገር ብዘይ ገለ ጠቕሚ ከም ዘይፍጠር እየ ዝኣምን ኣነ እውን።

ንኣብነት ኩቲ-ኹቲ ኣዕዋፍን ላንቃ-ላንቃ ደርሁን፡ መልክዕ ኮይኑ ንምስሓብ ኣንጻር ጾታ ይሕግዞም።

ጸጉሪ ኣብ ቀራሪ ቦታ ንዝነብሩ እንስሳታት መቝሪ ብቐሊሉ ካብ ኣካላቶም ከይወጽእ ክከላኸሎም እንከሎ፡ ኣብ ሃሩር ንዝነብሩ እንስሳታት ድማ፡ ብኣንጻሩ ብቐሊሉ መቝሪ ጸሓይ ብቐጥታ ናብ ኣካላቶም ንኸይኣቱ ይከላኸሎም።

ኣብ ክሳድ ኣንበሳን ፈረስን ዝበቖል ፋረ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ነዊሕ ጸጉሪ ክሳድ፡ ክበኣሱ ከለዉ ኣብ ክሳዶም ጉድኣት ከይወርዶም ይከላኸሎም።



ኣብ ጭራ እንስሳታት ዘሎ ነዊሕ ጸጉሪ፡ እቶም እንስሳታት ሩባታት ይኹን ሓጽቢታት ክሰግሩ ከለዉ ኣብ ምሕንባስ ይሕግዞም።

ብዙሕ ከይከድና ብዛዕባ'ዚ መንቀሊ ሓሳብና ኮይኑ ዘሎ ጭሕሚ እንተ ርኢና እኳ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ጥቕሚ ኢዩ ተፈጢሩ።

ኣብ ከም ኣንጭዋ፡ ነብርን ድሙን ዝኣመሰሉ እንስሳታት ዘሎ ጭሕሚ፡ ምስ ኣእምሮ ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ ንነገራት ብቐሊሉ ክለልዩ ዘኽእሎም ስለ ዝኾነ፡ እቲ ብጭሕሞም ዝተንከይዎ ነገር ጠቓሚ ደዩ ጎዳኢ ብቕልጡፍ ኣለልዮም፡ ነቲ ዝተንከይዎ ነገር ብቕልጡፍ ንኽሕዝዎ ወይ ብቕልጡፍ ንኽሃድምሉ የኽእሎም።

ጥቕሚ ጭሕሚ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ከም ፍሉይ መለለዪ ተባዕታዊ ጾታን ግርማን ፈጢሩ ብደቂ-ኣንስትዮ ሰሓቢ ኮይኖም ንኽርኣዩ ይጠቕም።

ኣብ ሓደ ብዛዕባ ምብቃልን ዘይምብቃልን ጭሕሚ ዘንበብኩዎ ዝነበርኩ ጽሑፍ ከም ዝረኣኹዎ፡ "ደቂ-ተባዕትዮ ስለምንታይ ጭሕሚ ኣለዎም? ንደቂ-ኣንስትዮኸ ስለምንታይ ጭሕሚ የብለንን?" ንዝብል ሕቶ'ውን ስ ፍልጠታዊ መልሲ ሂቡሉ ነይሩ።

ኣብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ኣካላት ፈርዩ ብደም ናብ ምሉእ ኣካላት እናተንቀሳቐሰ ንዕቤት ጸጉሪ ዝሕግዝ ንዕቤት ጸጉሪ ዝቆጻጸርን ነገር ኣሎ። እዚ ነገር'ዚ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ገጾምን ኣብ ካልእ ኣካላቶምን ጸጉሪ ከም ዘወጽእ ይገብር። ንዕቤት ጸጉሪ ርእሶም ድማ ይደርቶ ወይ የደንጉዮ። እቲ ኣብ ኣካላት ደቂ-ኣንስትዮ ዘሎ ነገር ድማ ብኣንጻሩ ንዕቤት ጸጉሪ ኣብ ኣካላተን ኣብ ገጸን ይከላኸል። ንዕቤት ጸጉሪ ርእሰን ድማ የቀላጥፎ።

ኩሉ ነገር ብምኽንያት ንምኽንያት ኢዩ ተፈጢሩ። እግሪ - ባሕርና ክንወርደሉ፡ ከቦ ክንድይበሉ ጎላጉል ክንኻየደሉ፡ ጸቡቕ ናብ ምስራሕ ክንሰጉመሉ።

መልሓስ - ጥዑም ክንውከኣሉ፡ ተስፋ ክንፍንዎሉ፡ ዓወት ክንበስረሉ፡ ድሌትናን ድሌት ካልኦትን ክንዛረበሉ፡ "ኣብ'ዚ ጸቡቕ ኣለና፡ ኣብቲ ግን..." ክንብለሉ።

ኢድ - ምእንቲ ጸቡቕና ክብሉ ንዝሰኸሉ እግርኹም ዓዲ እንተወዓለ እግርታትና ኣለኹም፡ ኣእዳውኩም እንተበኸረ ብኣእዳውና ዝተሰርሐ ሃፍትኹም ኢልና ተኻፊልና እንጥቀመሉ ምህርቲ ክንፈርየሉ።

ዓይኒ - ዝያዳ ኣብቲ ጸቡቕ ኣድሂብና ክንርእየሉ፡ ሕማቕ እንተኸፈና ድማ እቲ ሕማቕ መሊሱ ኩሉምቕ ዘይሃ ንኽጸብብ ብዘኽእል ኣረኣእያ ክንርእየሉ።

እዝኒ - ነቲ ድምጺ ሓገስ ክንሕጎሰሉ፡ ነቲ ድምጺ ጸገም ድማ ነቲ ጸገም ካብቲ ጸገሙ ንኽነውጽኦ ብዘኽእል ኣሰማምዓ ክንሰምዓሉ።

ኣፍንጫ - ሓንን ስተሰምሃርን ዝሽቶት ህይወት ክንሽትቶ ክንክእለሉ፡ ሕማቕ ሽታ ኣለሊና ክንወግደሉ።

ቀርበት - ልሙጽን ጸቡቕ ስምዒት ህይወትን ክንድህስሰሉ፡ እቲ ሓርፋፍ ስምዒታት ኣተሓሳስባን ሓርፋፍ ስምዒት መነባብሮን ንምልማጽ ናብ ዝኽእል ባይታ ክንወስደሉ፡ ሓሳብና ክንሕውስ ኣብቲ ዝተሓሰበልና፡ "ኣብ'ዚ ግርም ኣሎ - እቲ ግን..." ክንብል።

ዓይኒ እንክለና ዘይንርእየሉ፣ እዝኒ ከለና ዘይንሰምዓሉ፣ ኢድ እንክለና ዘይንሰርሓሉ፣ እግሪ እንክለና ዘይንኸደሉ፣ መልሓስ እንክለና ዘይንዛረበሉ እንተደኣ ኮይንና - ዳርጋ ዘይተፈጥረልናን ዘይተፈጠርናን ኢና። ናይ ጽባሕ ሰባት ይግበረና። ብሩኽ ቅነ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ጺጋ ከሮስ የውሃንስ፡ ኣቦይ ከሮስ የውሃንስ ተኪኤን ኣደይ ትብርህ ኣሕፈሮም ዑቕባዞየን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ የውሃንስ በርሀ፡ ወለድና የውሃንስ በርሀ መሓሪን ማና ተስፋዝጊ ወልደታትዮስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኤልያስ ወልደኣብ ተላ ምባል ተሪፉ፡ ኢሰያስ ወልደኣብ ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍጹም ፍስሓጽየን ጉበሩ፡ ወደይ ኒቆዲሞስ ፍጹም ፍስሓጽየን ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ብርሃና በረኸትኣብ ተወልደ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተብርህ ሃይለ ገዘሀይ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን ሃይለ ኣስረስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ናጽነት ዳዊት ስበሃት፡ ብዓል ቤተይ ሳሙኤል መንግስትኣብ ነጋሽ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኸልኣብ የሰፍ ሃብተስላሴ፡ ኣቦሓጎና ሃብተስላሴ ሃብተማርያም ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 23 ደቂ ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላማዊት ብርሃ ሰረቐ፡ ወለድና ብርሃ ሰረቐ ዓሰቡን ኣብርሀት ተኽለ በራኺን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይን 4 መውትቲ 10 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሙሉ ሰመረ ዑቕባዝጊ፡ ሓፍተይ ንግስቲ ሰመረ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 መውትቲ ኣሕዋተይ ተተካእቲ 12 ደቀን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ት/ዕድመ ሰረቀብርሃን ተስፋይ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ተኽለወይኒ ተስፋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪ ተስፋይ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሰለሙን ተስፋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቶ ዓንደ ተኽለ ተወለ፡ ወለድና ተኽለ ተወለ ማዓሾን ወ/ሮ ኣወጣሽ የውሃንስ ክፍሉን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይለስላሴ ጉብረማርያም ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሃይለ ጉብረማርያም ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ወ/ሮ ሓረጉ ተኽለ እድሪስ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለሰንበት ኣድሓኖም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቀይ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ዓብደላ ሰዒድ፡ ኣብ ዞ/ዓንሰባ ን/ዞባ ዒላበርዕድ ም/ከባቢ ዓዲ በርበረ ብስም ማኣ ማሕሙድ ዓምደ ቀዋሚ ንብረት ገዛን ናጻ መሬትን ንዓይ ስለዝሃበትኒ፡ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤሰርም ዳዊት የሓንስ ምባል ተሪፉ፡ ኤልዩድ ዳዊት የሓንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ሄርሜላ መሓሪ ገ/ሚካኤል፡ ኣቦ ወደይ ተኪኤ መሓሪ የውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ 1ወዱ ዩኤል ተኪኤ መሓሪ የውሃንስ፡ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣቶ ተኽሉ ሰለሙን ንጉሰ ፡ ካብ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድሰዒድ ዓብደላ ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ጎደና ክሰድ ገዋ ቁ gs; ዚፕ 1A137; PLOT 109 ASD00040250፡ ቁ.ፓርሰል ASP00030452; ፓርሰል G ዝርከብ ኣብ 99.50 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣብ ቤ/ትካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡006217 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና እሕብር።

ኣቶ ተኽሉ ሰለሙን ንጉሰ

---

ኣቶ ሰለሙን ተኽለሃይማኖት መብራህቱ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካሎም "ራኢ ምጽራይን ምስላጥን" (RAI CLEAING AND FORWARDING) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሰጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ወ/ሮ ኣለም ፍስሓ ጺጋይ ዝተበሃልኩ፡ ኮ/ቤ/ፍ ገጀረት ብዕለት 18/7/2023 ብስ/መዝ/ቁ 96/23 ናይ ሓፍተይ ኣፍ/ዘውዲ ፍስሓ ጸዋግ በዩኒይ ወራሲት ምዃነይ ብዝተረጋገጸለይ መሰረት፡ ነቲ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ኣብ ዞ/ደ/ን/ዞባ ሰገነይቲ ዝርከብ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ መወከሲ 540214 ብስም ኣፍ/ዘውዲ ፍስሓ ጸዋግ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ን/ዞባ ሰገነይቲ ይቕረብ።

ኣለም ፍስሓ

---


ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ

ቛንቛ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ንዓበይቲ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ከምኡውን ንንኣሽቱ ካብ ዕለት 13 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ።

ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

AllianceFrançaise Asmara - Eritrea

ብደሓን ምጹ  ንዝያዳ ሓበሬታ  ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።


---

## ምስጋና



ብድንገታዊ ማስዋእቲ ኣዚና እፍቅሮ ወድናን ሓውናን ኣባል 28 ዙርያ እንጂኒር ናትናኤል ጉብረክርስቶስ ጉብረሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርክምናን ከምኡ'ውን ገዛና ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ኣቡኡ ኣቶ ጉብረክርስቶስ ጉብረሚካኤል
ኣዲኡ ወ/ሮ ጺጋ ጉብረመድህን
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 669 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ኣብ ቤ/ጽ ዋንነት ኣባይትን ካልእ ንብረትን ዘጻሪ ኮሚሽን ብቁ/ምስክር ወረቐት 168/94 ቁ መዝገብ ካዳስተር 46050/70783 መለለዪ ገዛ ASD00009189 ብስም ኣውራሲና ነ/ሄር ሙሓመድ ዓሊ ሳድቕ ዝተመዝገበ ገዛ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ከነማሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘየሎ ግን ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ከም እንፍጽም ንሕብር።

ወረስቲ ነ/ሄር ሙሓመድ ዓሊ ሳድቕ

---

ኣነ ሚካኤል ተስፋይ +1 ኣብ ምምሕዳር ኣኽርያ ንኡስ ገዛ ዐባል ጎደና 135-17 ቁጽሪ ገዛ 8 ዚፕ ኮድ 1A135 ፕሎት 18 ፓርሰል D ንብረት ምም. ASD 00024025 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ብስም ሚካኤል ተስፋይ +1 ዝተመዝገበ ብወህብቶ ስለዝሃብናዮ ናብ ስም ወህብቶ ተቐባሊት ከነመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃይልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓፕሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ስም ከነመሓላልፍ ምዃንና ንሕብር።

ሚካኤል ተስፋይ

---

## መመረቕታ መጽሓፍ "ኣብ ሽላ"

በቲ ቅድሚ ሕጂ መጽሓፍ ካቴና ዝደረሰ ተስፋይ ዑቕባይ፡ ሕጂውን መጽሓፍ ገበናዊ ልቢ ወለድ "ኣብ ሽላ" ትዝርጋሕ ኣላ። ሎሚ ዓርቢ 5 ሓምለ 2024፡ ሰዓት 6፡00 ድ/ቀ ኣብ ሲነማ ሮማ ኣብ ዝግበር መመረቕታ ንኽትሳተፉ ደራሲ ብኽብሪ ይዕድም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ስ 07135158 ደዊልኩም ተወከሱ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም፡ ማልያኡ ዓቂቡ

### ያስፐር ተቐጺዑ




ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርቸ ቢብያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደት ሻዱሸይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ሳልሳይ ብምውጻእ፡ ለቢሰዋ ዘሎ ናይ ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ዓቂቡዋ።

163.5 ከሎሜትር ዝሸፈነ ሻዱሸይቲ መድረኽ፡ ንናይ ሾኣ ተቐዳደምቲ እትምችእ ናይ ሰጣሕ ጎልጎል ውድድር እያ ነይራ። ቢንያም ከኣ ኣብታ ማእከል ጸወታ ኣብ መበል 31 ከሎሜተር ዝበረ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ካልኣይ ብምውጻእ፡ 17 ነጥቢ ከሲቡ እዩ። ቀዳማይ ዝኣተወ፡ ክብሩ ንምዕቃብ ዝሰርሕ ዘሎ ተቐዳዳማይ ኣልፈሲን ያስፐር ፍሊፕሰን እዩ፣ 20 ነጥቢ ድማ ወሲዱ።

ኣብ ከተማ ዲጆን ኣብ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ሱላቢ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ቢንያም፣ ንተቐዳዳማይ ጃይሮ ኣሉላ፡ ዳይላን ግሮንወገንን ያስፐር ፍሊፕሰንን ሰዒቡ ሳልሳይ ኣትዩ። ብ3 ሰዓት፡ 31 ደቒቕን 55 ካልኢትን ውድድር ዝዛዘሙ እዞም ተቐዳደምቲ፡ ብተኸታታሊ 50፡ 30ን 20ን ናይ ሾኣ ነጥቢ ወሲዶም ነይሮም።

በዚ መሰረት፡ ብቐድሚ ትማሊ ረቡዕ ነዛ ማልያ ዝተቐበላ ቢንያም፡ ብ139 ነጥቢ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ክሉብሶ በቒዑ ነይሩ። ያስፐር፡ ብ128 ነጥቢ፡ ማድስ ፐደርሰን ከኣ ብ109 ነጥቢ ይስዕብዎ ነይሮም።

ይኹን እምበር፡ ድሒሩ ብዝወጸ ሓበሬታ፡ ያስፐር ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ንዖት ኻን ኣርት ኣብ ሓደጋ ዘእተወ ሹኣ ገይርካ ተባሂሉ፡ ደረጃኡ ካብ ካልኣይ ናብ ሻዱሻይ ወሪዱ። ከም ውጽኢቱ፡ ቢንያም ኣብ እዋን ሹኣ ሒዝዎ ዝበረ ደረጃ ናብ ካልኣይ ክብል እንከሎ፡ ወሲድዎ ዝበረ 20 ነጥቢ ከኣ ናብ 30 ደዩቡ። ድምር ነጥቡ ድማ ናብ 149 ክብ ኣቢልዎ። ፐደርሰን ብ111 ነጥቢ ይስዕቦ፡ ያስፐር፡ ብ85 ነጥቢ ራብዓይ ኣሎ - ኣብ ቀጠልያ ማልያ።

ኣብ ናይ ግዜ ውድድር (ብጫ ማልያ)፡ ዝመጸ ለውጢ የለን፣ ታደይ ፖጓቻ - ብ26 ሰዓት፡ 47 ደቒቕን 19 ካልኢትን ይመርሕ ኣሎ። ረምኮ ኢቨንፖልን የናስ ቪንገጋርድን፡ ብቐደም ተኸተል 45ን 50ን ካልኢት ድሒሮም ይስዕብዎ።

ኣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቓብ፡ የናስ ኣብራሃምሰን ብ26 ነጥቢ ይመርሕ፣ ፖጋቻ ብ20 ይኸተሎ። ንማልያ መንእሰያት ከኣ፡ ዛጊት ካብ ካልኣይቲ መድረኽ ጀሚሩ ለቢሰዋ ዘሎ ኢቨንፖል - ብ26 ሰዓት፡ 48 ደቒቕን 4 ካልኢትን ዓቂቡዋ ኣሎ። ብደረጃ ጋንታ ድማ፡ ሙቨስታር ትመርሕ ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ዓርቢ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ክቕጽል እዩ። 25.3 ከሎሜተር ዝሽፍን እዚ መድረኽ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ፍልላይ ክፈጥር ይኽእል እዩ። እንተ ቀጠልያ ማልያ ግን፡ ክሳብ 6 ሓምለ ምስ ቢንያም ከምእትጸንሕ ተረጋጊጹ ኣሎ - ክሮኖሜተር ኣብ ናይ ነጥቢ ውድድር ዝምጽኦ ዝኾነ ለውጢ ስለዘየለ።

## ሎሚ ምሸት - ተበሃግቲ ግጥማት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 . .

### እስጳኛ - ጀርመን ከምኡ'ውን ፖርቱጋል - ፈረንሳ

ኣብዘን ክልተ ኣዋርሕ - ሰነን ሓምለን ይካየዱ ካብ ዘለዉ ዝዓበዩ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዓለም ሓደ ዝኾነ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ሎሚ ምሸት፡ ተጻዚበቲ ብዝንቀውታ ዝጽበዩዎ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታታት ከሰላስል እዩ - እስጳኛ ምስ ጀርመን፡ ፖርቱጋል ምስ ፈረንሳ።

**እስጳኛ - ጀርመን**

ነፍሲ ወከፈን ሰለስተ ግዜ ዋንጫ ኤውሮጳ ብምልዓል ኣብ ቅድሚት ዝርከባ እስጳኛን ጀርመንን፡ ራብዐይቲ ጸዋእ ኣብ ምቁማት እየን ዝርከባ ዘለዋ። ይኹን'ምበር፡ ሎሚ ምሸት ግና ሓንቲአን ግዳይ ምትራፍ ክትከውን እያ።

ድሕሪ 2008 ንፈለማ ግዜ ንሰለስቲኡ ናብ ምድላብ ጸወታኣ ዝተዓወተትሉን ኣብዚ ውድድር እታ እንኮ ናይ 100 ሚእታዊት ዓወት ኣመዝጊባ ዘላን እስጳኛ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብሉጽ ቁመና ምህላዋ ይግለጽ። ብመንእሰያትን ህርኩታትን ተጻወትቲ ተንዲቓ ዘላ እዛ ጋንታ፡ ብፍጹም ቅሉዕ ዝተዛዘመ ጸወታኣ ጊዲፍካ፡ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ዩሮ ግጥማት ከይተሳዕረት ትግስግስ ኣላ። ኣብዚ ናይ ክረምቲ ውድድር ከኣ፡ እታ ዝበለጸትን ሱላቢትን ጋንታ ኮይና ምህላዋ ይእመነሉ።

ድሕሪ 2012፡ ናይ እስጳኛ ዝበለጸት ሃገራዊት ጋንታ ምዃና እትግለጽ እዛ ብሉዊስ ደላ ፉዌንተ እትዕለም ጋንታ፡ ብፍላይ ብኽልተ ናይ ክንፊ መጥቃዕታ ሓደገኛ እያ። ብጺጋምን የማንን ዝሰለፉ ልዑል ምልከት ኮዕሶ ዘለዎም ቅልጡፋት ኣጥቃዕቲ - ኒኮ ዊሊያምስን ላሚን ያማልን፡ ንኽልተ ክንፊ ምክልኻል ጀርመን ኣሸጊርዎም ከምስዩ ትጽቢት ይግበር።

ኣሰናዳኢት እዚ ውድድር ዘላ ጀርመን፡ ሎሚ ምሸት፡ ካብተን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ጸወታታት እታ ዝኸበደት ግጥም ከተካይድ እያ። ብዓበኡ'ውን እታ እንኮ ኣኣንጋዲት ጋንታ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ኤውሮጳ ዝተገለፈት ንኸይትኸውን ከበድ ሰራሕ ይጽበያ። ኣብ ታሪኽ እዚ ብ1960 ዝጀመረ ውድድር፡ ዝኾነት ኣሰናዳኢት ሃገር ካብ ርብዒ ፍጻመ ተገሊፋ ኣይትፈልጥን እያ።

ጀርመን ንእስጳኛ ኣብ ወግዓዊ ወይ ተወዳዳሪ ግጥማት ካብ ዘይትስዕራ 26 ዓመታት ኣቑጺራ ትርከብ፡ ብዓበኡ፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዩሮ 2008 ብእስጳኛ 1-ብ0 ተሳዒራ ዋንጫ ዝተመንጠለትሉ ግዜ ኣብ ኩርምታ ቀርቂራ እያ፡ ሎሚ ኣብ መሬታ ተሃና ንምውጻእ ክትቃለስ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መሬታ ኣንጻር እስጳኛ ኣብ ዘካየደቶ ግጥማት ጸቡቕ ድሕሪ ባይታ እዩ ዘለዋ። ኣብ 1935 ኣብ ምሕዝነት ጸወታ ብእስጳኛ 2-ብ1 ምስ ተሳዕረት፡ ኣብ ዝሰዓቡ ሸሞንተ ግጥማት ኣይተሳዕረትን፡ ሓሙሽተ ዓወት ሰለስተ ማዕረ። ሎሚ ኸ . . .?

ናይዛ ጋንታ ተጠማቲ ተጻዋታይ፡ ጃማል ሚሲያል እዩ። ካብቶም ኣርባዕተ ተጻወትቲ ብሰለስተ ሸቶታት ንዘለዓለ ኣመዚጊቢ ሸቶ ዝመርሑ ዘለዉ ሓደ ዝኾነ መሲያላ፡ ነዛ ድሕሪ ዩሮ 2016 ኣብ ዓቢ ውድድር ንፈለማ ግዜ ናብ ርብዒ ፍጻመ በጺሓ ዘላ ሃገሩ፡ መሪሕ ተራ ክጻወተላ ትጽበት ተገይሩሉ ኣሎ።

ከም እስጳኛ ብሉጽ ጸወታ ኣብ ምርኣይ ከም እትርከብ ትግለጽ ጀርመን፡ ብሓፈሻ ምስዛ ናይ ሎሚ ዓመት ብምድማር፡ 19 ግዜ ኣብ ርብዒ ፍጻመ በጺሓ፣ 14 ግዜ ኣብ ዋንጫ ዓለም፡ ሓሙሽተ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ። በዚ ከኣ ልዕሊ ዝኾነት ኤውሮጳዊት ክሉብ ትሰርሖ፡ 15 ግዜ ድማ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ።

እዘን ጋንታታት፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ሎሚ ንራብዓይ ግዜአን እየን ዝራኸባ ዘለዋ። እስጳኛ፡ ኣብ 1994ን 2008ን ክትዕወት እንከላ፡ ጀርመን ኣብ 1988 ርእሳ ኣቒሊዓ። እዚ ማለት፡ እስጳኛ፡ ኣብ 1988 ኣብዚ ውድድር ብጀርመን 1-ብ0 ምስ ተሳዕረት፡ ኣብ ዘካየደቶ ናይ መወዳእታ ሸዱሽተ ተወዳዳሪ (ናይ ምሕዝነት ጸወታታት ኣይሕሰብን እዩ) ግጥማት ኣይተሳዕረትን ዘላ፣ ሰለስተ ዓወት ሰለስተ ማዕረ።

ሎሚ ምሸት ከኣ፡ 38 ሚእታዊት ናይ ዓወት ግምት ተዋሂብዋ ኣሎ። ጀርመን ከኣ፡ 34 ሚእታዊት - ብመሰረት ፍሉጥ ናይ ዳታ መርበብ ሓበሬታ 'ኦፕታ ስታስቲክስ'።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጀርመን እንተተሳዒራ ንሓደ ተጻዋታይ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ ወግዓዊ ጸወታ ክንርእዮ ኢና - ንብሉጽ ኣከፋፋሊ ቶኒ ክሩስ። ዝሓለፈ ወርሒ ስነ ናይ መወዳእታ ናይ ክሉብ ጸወታኡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘካየደ እዚ ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ ሬያል ማድሪድ፡ ምስ ምውዳእ ዋንጫ ኤውሮጳ ጫማኡ ክሰቅል ምዃኑ ኣቐዲሙ ሓቢሩ እዩ።

**ፖርቱጋል - ፈረንሳ**

ንምድባ መሪሓ ዝሓለፈት ፖርቱጋል፡ ኣብ ዙር 16 ንስሎቬንያ ረቲዓ ክትሓልፍ ብዙሕ እያ ተሳሒጋ። ሓላዊ ልዳት ዲያጎ ኮስታ ብዘዘጻወቶ ተራ ግና፡ ብፍጹም ቅላዕ 3-ብ0 ሰዒራ ምሕላፋ ይፍለጥ። ኮስታ፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ሰለስተ ፍጹም ቅላዕ ዘድሓነ ናይ ፈለማ ሓላዊ ማዕጾ እውን ተባሂሉ ኣሎ።

ኣብዚ ግጥም'ዚ፡ ሓለቓ እዛ ጋንታ ዝኾነ ሮናልዶ ኣብ ተወሳኺ 30 ደቒቕ ንዝተረኽቦት ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱ፡ ብፍጹም ቅላዕ ክትፈላለ ቀሲቡዋ እዩ። እንተዝዝርፋ ነይሩም ከኣ፡ ቀንዲ ተሓታቲ ምኾነ - በቶም 'ኣብዚ ዘለዎ ዕድመ ንፖርቱጋል ጾር እዩ' ዝብልዎ ነቐፍቲ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ መበል 114 ንዝተረኽበት ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱ ክቢ ዝተረእየ እዚ ወዲ 39 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ነቶም ነቐፍቲ ኣፎም ክዓብዮም ይኽእል እዩ፣ ኣብዛ ዝበርትዐት ጸወታ ንሃገሩ ናብ ዝቕጽል መድረኽ እንተኣሕሊፉዋ። ሮናልዶ ኣብዚ ውድድር ዛጊት ሸቶ ኣየመዝገበን ዘሎ፣ ዋላ'ኳ ልዕሊ ዝኾነ ተጻዋታይ 20 ፈተነ (ሸቶ) እንተኣካየደ።

120 ደቒቕ ተጻዊታ ዝሓለፈት ፖርቱጋል፡ ኣብ ኣሰላልፋ'ታ ኣብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ብቕዲ 4-2-3-1 ዘሰለፈታ ጋንታ - ሓላዊ ልዳት ኮስታ፣ ተኸላኸልቲ - ካንሴሎ፡ ዲያስ፡ ፐፐ፡ መንደዝ፡ ኣሰርቲ ኣከፋፈልቲ - ፓልሂንያ፡ ቪቲንያ፡ እናከፋፈሉ ዘጥቅዑ - በርናንዶ ሰልቫ፡ ፈርናንደዝ፡ ለኣው፣ ኣጥቃዓይ - ሮናልዶ ከተቐድም ግምት ኣሎ።

ከምቲ ዝተገብረላ ትጽቢት ኣእማኒ ዓወት ከተመዝግብ ዘይከኣለት ዘላ ፈረንሳ፡ ዛጊት ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ካብ ክፉት ጸወታ ሸቶ ኣየመዝገበትን ዘላ። ካብ ዘቑጸረተን ሰለስተ ሸቶታት፡ እተን ክልተ ኣንጻር ተጻወትቲ ናብ ልዳቶም ዘመዝገብዎን ኮይነን፡ እታ ሓንቲ ምባፐ ብፍጹም ቅላዕ ዘቑጸራ እያ።

እዛ ጋንታ፡ ብሉጻት ኣጥቃዕቲ እንከለዉዋ ብዋሕዲ ሸቶ ክትሳቐ ምርኣያ ከኣ፡ ንደገፍታ ኣሻቒላ ትርከብ፡ እዚ መስመር፡ ሎሚ ንዝረኸበን ዕድላት ናብ ሸቶ እንተዘይቀዪሩወን ከኣ፡ ፈረንሳ ግዳይ ክትከውን ትኽእል እያ።

እዚ እናኾነ ግን፡ ዋላ'ኳ እዚ መስመር ደኺሙ እንተሃለወ፡ መስመር ምክልኻላ ግን ዕርዲ ኮይኑዋ ይርከብ። እዚ ዳሕረዋይ መስመር፡ ኣብ ሰለስተ ግጥማት ሸቶ ከይተመዝገቦ ብምውጽኡ፡ ፈረንሳ፡ ኣብዚ ውድድር ልዕሊ ዝኾነት ክሉብ ሸቶ ከይተመዝገባ ዝወጸት ክትከውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ - እሞ ኸኣ፡ ዛጊት ካብቶም ኣጥቃዕቲ ዝኾነ ሓገዝ ዘይረኸበ እንከሎ።

እዘን ጋንታታት፡ ሎሚ ንሓሙሻይ ግዜአን እየን ኣብዚ ውድድር ክራኸባ፡ ፈረንሳ ክልተ ግዜ፡ ፖርቱጋል ሓንሳብ ተዓዊተን፣ ሓንሳብ ከኣ ማዕረ ተፈላልየን። እታ ቀንዲ ተዘኽራት ርክበን ድማ፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዩሮ 2016 ኮይና፡ ፖርቱጋል ብእንኮ ሸቶ ኢደር ተሓጊዛ ኣብ መሬታ ንእትጻወት ዝበረት ፈረንሳ ረቲዓ ዋንጫ ዘልዓለትላ እያ።

ካብዘን ክልተ ግጥማት ዝሓለፋ ጋንታታት፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ክራኸባ እየን።

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

ዋንጫ ኤውሮጳ ርብዒ ፍጻመ

እስጳኛ - ጀርመን 7፡00 ድ.ቀ

ፖርቱጋል - ፈረንሳ 10፡00 ምሸት

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ይቕጽል

ሸዱሽተ ሳምንቲ ገይሩ ዘሎ ስፖርታዊ ቅነ እዚ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ መንደፈራ ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዐብል ንመርከብና 2-ብ0 ሰዒራታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ'ውን፡ ዐብል ንመርከብና 3-ብ2 ሰዒራ ክብራ ዓቂባ። ማይጹብሪ ድማ፡ ንመረብ 3-ብ0 ኣፋንያታ።

ብዘይካዚ፡ ብሰሉስ ኣብ ዝበረ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ደቀንስትዮ፡ ዐብል ንመርከብና ብጠፈሕ 8-ብ0 ከተሰንፉ እንከሎ፡ መርሃዊን ዛራን ዐ-ብ0 ተፈላልየን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ ከኣ፡ ዐብል ንመርከብና 2-ብ0 ኣፋንያታ።

ብሰሉይ 1 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ድማ፡ ኣብ ደቀንስትዮ ዛራ ንመርሃዊ 2-ብ1፣ ማይጹብሪ ንብሪጎን 2-ብ0 ሰዒረናአን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዛራ ንመርሃዊ 3-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ መረብ ንመርከብና 3-ብ1 ከምዝፋነወታ፡ ካብቲ ቦታ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## "ካብ ፕረዚደንታዊ ውድድር ኣይወጽእን እየ" ፕረዚደንት ባይደን

ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካዊ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዘካየዶ ክትዕ ኣዝዩ ደኺሙ ብምቕራቡ፡ ንኻልኣይ እብረ ስልጣን ክወዳደር እኳ ምሕጻንታ እንተቐረበሉ - ኣብ'ቲ ዝካየድ ውድድር ክቕጽል ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ብሓያሎ ኣመሪካውያን እንተላይ ብኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ - ብኻልእ ተወዳዳሪ ክትካእ ጸቕጢታት ክግበረሉ ጸኒሑ እዩ።

ኣብ ዋይት ሃውስ፡ ምስ ምክትል ፕረዚደንት ካማላ ሃሪስን ካልኦት ላዕለዎት መራሕቲ ሰልፊ ደሞክራትስን ኣብ ዘካየዶ ርክብ ግና - ካብ'ቲ ንስልጣን ዝግበር ውድድር ክወጽእ ከምዘይብሎ ኣፍሊጡ።

እታ ንዓኡ ክትትክእ ትኽእል እያ ተባሂሉ ክንገረላ ዝጸንሐ - ምክትሉ ካማላ ሃሪስ እውን፡ ንውሳነ እቲ ፕረዚደንት ዘለዋ ደገፍ ኣስሚዓ ኣላ።



ባይደን "ኣነ ሕጹይ ሰልፊ ደሞክራትስ እየ። ካብዚ ከውጽኣኒ ዝኽእል የለን" ክብል ንቲ ዝቐርብ ዘሎ መጸዋዕታታት ምላሽ ከምዘሃበ ምንጪታት ሓቢሮም።

እቲ ወዲ 81 ዓመት ፕረዚደንት፡ ድሕሪ እቲ ምስ ትራምፕ ዘካየዶ ክትዕ፡ ሕጹይ ፕረዚደንት ኮይኑ ክቕጽል ደዩ ኣይክቕጽልን? ዝብል ዛዕባ ኣዛራቢ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

ብቐዳማይ ከኣ ጌታትን ፕረዚደንት ባይደን፡ ብሕልፊ ድሕሪ'ቲ ምስ ትራምፕ ዘካየዶ ክትዕ፡ ኣብ ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ ከይተረፈ - ኣብ'ቲ ምርጫ ናይ ምዕዋት ዕድሉ ስክፍታታት ፈጢሩ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።

መወዳድርቱ ሪፓብሊካን ዶናልድ ትራምፕ፡ ብፍላይ ኣብዚን ዳሕረዎት ሰሙናት ተቐባልነቱ እናበረኸ ይመጽእ ከምዘሎ ገለ ምንጪታት ይእንፍቱ።

ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ረቡዕ ሕታሙ፡ ትራምፕ ናይ ሽዱሽተ ነጥቢ ብልጫ ሒዙ ከምዘሎ ኣስፊሩ።

## ሩስያን ቻይናን፡ ምትሕግጋዘን ከሐይላ ተሰማሚዐን

ሩስያን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን፡ ዘለወን ኣህጉራውን ጸጥታ ንምውሓስ ምትሕግጋዘን ከሐይላ ከምእተሰማምዓ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጹ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ኣስታና ርእሰከተማ ካዛኪስታን ዝተኻየደ ዋዕላ መራሕቲ ኣባል ሃገራት 'ቀጠባዊ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ' ኣብ ዘበርዎ ርክብ እዩ።



'ቀጠባዊ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ' ሓደ ካብ ቀንዲ ኣዕኑድ ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ኮይኑ የገልግል ከምዘሎ - ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ምስ ቻይናዊ መዘንኡ ሺ ዢ ፒንግ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣንጻር ዕብለላ ኣመሪካ ዘለዎም መርገጺ ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ቻይናን ሩስያን ምስ ካልኦት ኣባላት ውድብ ሻንጋይ እውን ዝተፈላለየ ስምምዓት ከምዝኸተማ ተሓቢሩ።


ቀጠባዊ ውድብ ሻንጋይ ኣብ 2001 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ብዚያዳ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ብዘመዝምዘም ዘሎ እወታዊ ቀጠባዊ ገስጋሳት ተፈላጢ ኮይኑ ኣሎ።

ትሸዓተ ኣባል ሃገራት ዘለዎ ውድብ ሻንጋይ - ንቻይና፡ ሩስያ፡ ህንዲ፡ ኢራን፡ ካዛኪስታን፡ ኪርጊስታን፡ ኡዝበኪስታን፡ ፓኪስታንን ታጂኪስታንን ይሓቁፍ።

## እስራኤል፡ ሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሕዝቦላህ ቀቲላ

እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ - መሓመድ ኒማህ ናስር ንዝተባህለ ሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሕዝቦላህ ከምዝቐተለቶ ገሊጻ።

ነዚ መልሲ ዝኸውን ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ - ናብ ወተሃደራዊ ዒላማታት እስራኤል 100 ሮኬታት ከምዝተኮሰ ድማ ተሓቢሩ።



በቲ ኣብ ሞንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ተፈጢሩ ዘሎ 9 ኣዋርሕ ዝቖጸረ ስግረ-ዶባዊ መጥቃዕቲታት፡ ዛጊት ሰለስተ ላዕለዎት ሰበስልጣን ሕዝቦላህ ከምእተቐትሉ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሰራዊት እስራኤል፡ መሓመድ ኒማህ ናስር - መሻርኽቲ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ ዝተቐትለ ጣሊብ ዓብደላህ ዝተባህለ ካልእ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሕዝቦላህ ምንባሩ እዩ ዝገልጽ።

ኣዛዚ ናይ'ቲ ካብ ደቡባዊ ምዕራብ ሊባኖስ ዝበገሰ - መጥቃዕቲታት ጸረ-ታንክን ሮኬታትን ምንባሩ እውን ይሕበር።

ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ንቲ ቅትለት ብትሪ ድሕሪ ምኹናን - እስራኤል ብየጸሩ ክትፍደዮ ምዃና ኣፍሊጡ ኣሎ።

እዚ ዳሕረዋይ መጥቃዕቲ፡ ኣብ መንጎ ሕዝቦላህን እስራኤልን ሓሓሊፉ መጥቃዕቲታትን ሓድሕዳዊ ምክሳስ ዝመልኡ ቃላትን ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን ይፍጸም ብምህላዉ፡ ንወጥሪ ክልቲኡ ወገን መሊሱ ከየጋድዶ ተሰጊኡ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈት ወርሒ፡ ሓይልታት እስራኤል ትኹረተን ናብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤል ክቕይራ ከምዝኽእላ ምስተሓበረ እንተሎ፡ ኣኽራሪ የማናዊ ኣጠማምታ ዘለዎም ሚኒስተራት እታ ሃገር ድማ፡ ኣብ ሊባኖስ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሕዝቦላህ ዝርከብ መሬት ምሉእ ብምሉእ ክውረር ሓቲቶም።

በቲ ካልእ ኣንጻር - ኣብ ዝሓለፈ እዋን መራሒ ሕዝቦላህ ሓሰን ናስራላህ፡ ንቲ እስራኤል ኣብዚ እዋን እዚ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ደዩ ብሕጂ ንዘለዋ ውጥን ንምብዳህ፡ ሕዝቡላህ ድሉው ምህላዉ እዩ ገሊጹ።

## ብራዚል - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 180 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ብራዚል ኣብ እትርከብ ክፍለ-ሃገር ሪዮ ግራንዴ ዶ ሱል፡ ንሰሙናት ብዘቐጸለ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ብውሕዱ 180 ሰባት ከምዝሞቱን 32 ካልኦት ኩነታቶም ከምዘይተፈልጠን - ትካል ሲቪላዊ ድሕነት እታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ብርቱዕ ዝናብ ዘኸተሎ ዕልቕልቕ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ናይ'ተን ኣብ መላእ እታ ክፍለ-ሃገር ዝርከባ ከተማታት እውን ዕንወት ከምዘውረደ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ነበርቲ ርእሰከተማ ናይ'ታ ክፍለ-ሃገር 'ፖርቶ ኣለግረን' ካልኦት 478 ከተማታትን ከምእተጸልዉ፡ ልዕሊ 450 ሽሕ ሰባት ካብ መንበሪ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉን ጸብጻባት የመልክቱ።

መንግስቲ ብራዚል፡ ነታ ክፍለ-ሃገር ንምሕጋዝን ዳግመ-ህንጻት ንምጅማርን ኣስታት 15.4 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ከምዝሰልዐ ተሓቢሩ።

ኣብ ዶብ ኡራጓይን ኣርጀንቲናን እትርከብ ብሕርሻዊ ንጥፈታት እትፍለለ ክፍለ-ሃገር ሪዮ ግራንደ ዶ ሱል፡ በቲ ሓደጋ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ቁጠባዊ ክሳራታት ኣጋጢምዋ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።



## ኢንዶነዥያ - ዝጠንተወ ናይ ቅብኣ ስእሊ ተረኺቡ

ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ኣብ ኢንዶነዥያ - ደሴት ሱላዌሲ ኣብ ዝርከብ በዓቲ ብዘካየድዎ ምርምር፡ ኣብ ዓለምና እቲ ዝጠንተወ ምዃኑ ዝገለጽዎ ናይ ቅብኣ ስእሊ ከምዝረኸቡ ሓቢሮም።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝዘርግሐ ሓድሽ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ እቲ ኣብ መናድቕ እቲ በዓቲ ዝተረኽበ ናይ ቅብኣ ስእሊ - ቅድሚ ኣስታት 51,200 ዓመታት ዝተቐብአ እዩ።


ኣብ ዩኒቨርሲቲ ግሪፈት - ኣውስትራሊያ ተመራማሪ ስነ-ጥንቲ ማክሰም ኣበርት፡ እቶም ስእልታት ናይ መጀመርያ ጉጅለ ደቂ-ሰብ ብደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ኣቢሎም ናብ ኣውስትራሊያ ንምብጻሕ ዝብ ዝጉዓዙሉ ዝበሩ እዋን ዝተሳእሉ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣሚቱ።

እቲ ስእሊ፡ ምስሊ ሓደ ናይ በረኻ ሓሰማን ሰለስተ ሰባትን ዘርኢ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ በዓቲ ካልኦት ምስልታት ሓሰማ እውን ኣለዉ።

ቅድሚ ሕጂ ናይ መጀመርታ ተባሂሉ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ሰፊሩ ዝጸንሐ ናይ በዓቲ ቅብኣ ኣብ ኤውሮጳ ዝተረኽበ እዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ኣብ በዓቲ ኢንዶነዥያ ዝተረኽበ ስእሊ ተዋሂብዎ ዘሎ ዕድመ፡ ካብ'ቲ ኣብ ኤውሮጳን ካልኦት ቦታታትን ዝተረኽበ ምስልታት ኣዝዩ ዝጠንተወ ብምዃኑ ኣካታዒ ኮይኑ ኣሎ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ሓድሽ ሳይንሳዊ ኣገባብ ብምጥቃም፡ ዝተሓተ ዕድመ ናይ'ቲ ኣብ በዓቲ ደሴት ሱላዌሲ ዝተረኽበ ስእሊ ክፈልጡ ከምዝኸኣሉ እዮም ዝሕብሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣምፔሮ | 5/7/24 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኣምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services